
# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 36 ዓመት ቁ.20 | ረቡዕ 23 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ውጥን ተቐሲም ዘበርዓነት ሓንቲ ቃል


ገጽ 5
"ኤርትራ ሓይለ ኣብ ሰባ እያ፤ ...


ገጽ 9
ጽፈት ስራሕ


ገጽ 10
ንረኽብ ጾንኸውን፡


ገጽ 11
ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ውድድራቶም ዛዚሞም



# ብደረጃ ዞባታት ክካየድ ዝቐነየ መደባት ጽንብል ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ተዛዚሙ



"ዕዙዝ ዝኽሪ፡ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ ካብ 17 መስከረም ብደረጃ ዞባታት ክካየድ ዝቐነየ ጽንብል ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ብ20 መስከረም ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ብደረጃ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ባጽዕ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ኣብ መንደፈራ፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ባረንቱ፡ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ድማ ኣብ ከረን ዝተኻየደ፡ ኣመሓደርትን ካልኦት ኣካላትን ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተገብረሎም ዝተረኽቡሉ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ንዕዙዝነት ናይ'ታ ዕለትን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ቅድሚ ፍርቂ ዘመን ዝወሰዶ ቅኑዕ ውሳነን ዝገልጽ መደረታት ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ብባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት ዝደመቐ መዛዘሚ መደብ፡ ቡቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዝተወደበ ውድድራት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኑቲ ናይ ዝኽሪ መደባት ንምምዕራግ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ብሓፈሻ፡ ንተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ትካላት መንግስቲ ምስጋና ቀሪቡ።


ስእሊ: ተኪኤ ዮሴፍ

ወርቃዊ ኣየቤልዩ ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፡ ሙዚቃዊ ኮንሰርት፡ ሰሚናራት፡ ከምኡ'ውን ስፖርታውን ስነ-ጥበባውን ውድድራት ብዘጠቓልል መደባት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ከምእተጸንበለ ዝፍለጥ'ዩ።

# ኤርትራውያን ነበርቲ ጁባ፡ ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ጸንቢሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ጁባ - ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ "ዕዙዝ ዝኽሪ፡ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ፡ መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብድምቀት ጸንቢሎም።

እቲ ካብ 18 ክሳብ 20 መስከረም ዝቐጸለ ጽንብል፡ ንትምህርታዊ፡ ማሕበራውን ስፖርታውን ንጥፈታት ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ መምህራኖምን ኣለይቶምን ዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢት፡ ከምኡ'ውን ምርኢት ሰነዳዊ ፊልም ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ሓለፍትን ኣባላትን ቤት-ጽሕፈት ኤምባሲ፡ ሓለፍቲ ሃገራውያን ውዳበታት፡ ከምኡ'ውን ዕዱማት ኣብ ዝተረኽቡሉ መዛዘሚ መደብ፡ ቈንስል ኤርትራ ኣቶ ጸጋይ መሓሪ ንድሕረባይታ ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ፣ ከምኡ'ውን ዝርግሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ድሕሪ ናጽነት - ዝተረኽበ ዓወታትን ዘሎ ብድሆታትን ብምጥቃስ፡ ሕጽረታት ንምፍታሕ፡ ብፍላይ ድማ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ንምምዕባል ተበግሶ ዘሎ መደብ ንምዕዋት፡ ተራ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ሮሞዳን ኣሕመዲን ብወገኑ፡ "ትምህርቲ ኣብ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ዛዕባ፡ ሓያል ሃገር ንምህናጽ፡ ተወዳዳሪ ፍልጠትን ክእለትን ዝዓጠቐ ብቑዕ መንእሰይ ምፍራይ፣ ከምኡ'ውን ስኑምግባርን ሓብራዊ ራእይን ዘለዎም ዜጋታት ምኽሳስ ከምዝደሊ ገሊጹ።

ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ እንጸንብለሉ ዘሎና ኣጋጣሚ፡ ከሎም መትከላት፡ ክብርታት፡ ራእዩ፡ ዕላማን ወጽኢትን ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ፡ ድልዱል መሰረት ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር ምዃኑም፡ ኣቶ ሮሞዳን ብዝወሰኺ ኣገንዚቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ "ፍልስፍና ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትምህርቲ"፣ ከምኡ'ውን "ታሪኽ ቀያሕቲ ዕንባባ" ዝገልጽ ወረቓቕቲ ቀሪቡ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ማዕሪጉ ነይሩ።

# ሳዋ - ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ብልዑል መዓርግ ተዘኪሩ

ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ሳዋ ብ19ን 20ን መስከረም ብልዑል መዓርግ ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ብባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት፣ ካርኒቫልን ሰልፍን ተመሃሮ፣ ከምኡ'ውን ዛንታ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብዝገልጽ ስእላዊ ምርኢት ዝተሰነየ ጽንብል፡ "ተራን ሓድግታትን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንተመሃሮን መምህራንን ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎን ኣባላት ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሰሚናር ተዋሂቡ።

ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ተኸሲኩሉ ዝጸንሐ ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ መምህር ርእሶም ጉብረሂወት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ - ብሰንኪ መጥቃዕትን ግፍዕታቱን ናይ ትምህርቲ ዕድል ንዝተነፍጉ ቆልዑ ብቑዕ ፍልጠት ኣብ ምስናቕ ከይተሓጽረት፡ ኣብ ምኽሳስ ሃገራውነትን ምብራኽ ንቕሓትን ዜጋታትን ተራኡ ልዑል ምንባሩ ኣረዲኡ።

ግዳያት ግፍዕታት ጸላኢ ዝኾኑን ካብ መዓስከራት ስደተኛታት ሱዳን ዝመጽኡን ቈልዑ፣ ክጋደሉ ዝተሰለፉ'ሞ ትሕቲ ዕድመ ንዝኾኑ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሓራ ቦታታት ኣባላት ቀያሕቲ ዕንባባ ዝነበሩ ተቐቢላ ዕምግታ ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣስታት 15 ሽሕ ተመሃሮ ኣምሂራን ኩስኩሳን ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ከምዘብጽሐቶ ዝሓበረ መምህር ርእሶም፡ ኣበርክቶኣ ኣብ ሃገራዊ ዕማም ብቐሊል ከምዘይጥመት ኣብሪሁ።

ምኽትል ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሌተናል ኮሎኔል ተመስገን ሳሙኤል ብወገኑ፡ ሳዋ ኣብ ህንጸት ብትምህርትን ሃገራዊ ክብሪታትን ዝተመልመሉ መንእሰያት፡ ተምሳሌት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ምዃና ብምጥቃስ፡ ካብ ክልተኣን ዝወጹ መንእሰያት፡ በብመድረኾም ዝበርኾን ዝዩበርዎ ዘለውን ኣበርክቶ፡ መሰኻኻሊዩ ዝድልዮ ከምዝዩኮነ ገሊጹ።

ተመሃሮ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ተመኩሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብመልክዕ መጽሓፍ ተዳልዩ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ሃገርና ተጸንቢሩ ክሰራሓሉ ተላቢዮም።

# ሃ/ማ/ሓ/ሰ/ኩ/ ኤርትራ ገንዘባዊ ሓገዝ ረኺቡ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላን ኩናት ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ካብ ዝነብሩ ግዱሳት ኤርትራውያን ገንዘባዊ ደገፍ ረኺቡ።

እቲ ዝተገበረ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ናቕፋ ሓገዝ፡ 7,750 ብዩሮን ካልእ ባጤራታትን፡ ከምኡ'ውን ብናቕፋ ኣስታት 942 ሽሕ ከምዝኸኑ፡ ኣብ'ቲ ማሕበር ሓላፊ ክፍሊ ውዳበን ሓበሬታን ኣቶ መሓነድኑር እድሪስ ንኤሪና ሓቢሩ።

እቲ ዝዘበርከተ ገንዘብ፡ ውልቀ-ሰባትን ሃገራዊ ሸማግለን ከተማታት ሃይደልበርግን ሆፈንሃይምን - ጀርመን፣ ተቐማጦ ከተማታት ሚላኖን ሮማን - ኢጣልያ፣ ኣባላት ሃማደኤ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ጀርመን፣ ከምኡ'ውን ነበርቲ ኣውስትራልያን ኒውዝላንድን ዘበርከትዎ ምዃኑ ብዝወሰኺ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ መሓመድ-ኑር፡ ኑቲ ገንዘባዊ ደገፍ ዝገበሩን ምስ ማሕበር ንዝተሓጋገዙን፡ ብስም ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላን ኩናት ኤርትራ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ዜና

# ሰልጠንቲ ቤት-ትምህርቲ ካድር፡ ንስድራ ሰማእታት ሓገዝ ገይሮም

ሰልጠንቲ መበል 30 ዙርያ ካድር፡ ካብ 11 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ንዝተለለያ 48 ስድራ ሰማእታት፡ ንነፍስ-ወከፈን ሓደ ሸሕ ናቕፋ ገንዘባዊ ሓገዝ ገይሮም።

ብ18 መስከረም ኣብ ኣዳራሽ ‘ጉበየ’ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ወኪል ሰልጠንቲ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኣብ’ታ ሕላገት ጽንዓትን መስዋእትነትን ዝኾነት ከተማ ናቕፋ ምህላዎም፡ ሙብጽዓኦም ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ዘሐድሶሉ ምኽኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ንስድራ ሰማእታት ንምሕጋዝ ዝወሰድዎ ተበግሶ፡ ናቱ መርኣያ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።





ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያቆብ እድሪስ ብወገኑ፡ እዚ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዙርያ ካድር ንስድራ ሰማእታት “ኣብ ጎንኹም ኣለና” ዝብል ረዚን መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ተበግሶ፡ ባህሊ እናኾነ ምምጽኡ ብምሕባር፡ ብስም ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ናቕፋ ምስጋና ኣቕሪቡ። እዚ ብሰልጠንቲ ዝግበር ዘሎ ደገፍ ንስድራ ሰማእታት፡ ሕጂ ንመበል 14 ግዜኡ ከምእተኻየደን ብድምር ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ ንዝምልከተን ስድራ ሰማእታት ከምእተመቓርሐን ካብ ምምሕዳር ቤት-ትምህርቲ ካድር ዝተረኸበ ሓበሬታ የነጽር።

# ዓንሰባ - ንቕሓት ሕ/ሰብ ኣብ ኣተኣላልያ ጐሓፍ ንምዕባይ ክሰራሕ ጸውዒት ቀሪቡ

ጐሓፍ ብሓፈሻ ዘቤታዊ ጐሓፍ ድማ ብፍላይ ግቡእ ኣተኣላልያ፡ ኣተሓሕዛን ምሕደራን ምስ ዝጐድሎ ኣብ ረቡሓ ክውዕል ከምዝኽእል፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ኢንጅነር ተስፋማርያም ጉብረሂወት ሓቢሩ።

ጐሓፍ ደረቕን ፈሳሲን ኮይኑ፡ ጥንቁቕ ምሕደራን ግቡእ ኣተኣላልያን እንተዘይተገይሩሉ ንጥዕናን ኣከባብን ኣዝዩ ሃሳዪ ስለዝኾነ፡ ብግቡእ ክእለ ንቕሓት ሕብረተሰብ ወሳኒ ምኻኑ’ዩ ኢንጅነር ተስፋማርያም ዝገለጸ።



ቀዳማይ ምርጫ ምውጋድ፣ ካልኣይ ከምዝጎድል ምግባር፣ ሳልሳይ ጠንቂ ብኸላን ካልእ ጸገማትን ከይከውን ብዝተኻእለ መጠን ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ናብ ዝኽእለሉ ጸጋ ምቕያሩ፣ ራብዓይ ምርጫ ዳግም ምምስርሑ፣ ኣብ ረቡሓ ክውዕል ዝይከኣል ድማ ከከም ኣድላይነቱ ፈዊሶኡ ንኣከባብን ጥዕናን ብዘይጎድእ ኣገባብ ምውጋዱ ከምዝጠቓልል ኣፍሊጡ።

ኢንጅነር ተስፋማርያም ኣስዒቡ፡ ኣስታት 70 ሚእታዊት ካብ ዘቤታዊ ጐሓፋት በስበስቲ ስለዝኾኑ፡ ብግቡእ ኣመሓዲርካ ናብ ባህርያዊ ድኹዒ ብምቕያር ኣብ ረቡሓ ምውዓሎም ክልመድ ዘለዎ ሜላ ምኻኑ ብምግላጽ፡ ቁርበትን ፕላስቲክን ዝኣመሰሉ ጐሓፋት ሓደገኛታት፣ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ዘይቲ ሞተረ (ኦልዮ ብርሻቶ)ን ሕክምናዊ ጐሓፋትን ድማ ኣዝዮም ሓደገኛታት ተባሂሎም ከምዝኽፈሉ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ዕማም’ዚ ንሚኒስትሪ ማይ፡ መሬትን ኣከባብን ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮነ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ጐሓፍ ዘለዎ ኣፍልጦ ኣበሪኹ ብግቡእ ከማሕድሮ ተላቢዩ።

# ሻምብቆ - ተራ ኮም ኣብ ምቅላል ሕጽረት ኣብያተ-ትምህርቲ ተመጕሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፡ ህዝቢ፡ ገዛውትን ጉልበቱን ኣወፊዩ ዝወስዶ ዘሎ ተበግሶ፡ ሕጽረት መምሃሪ ክፍልታትን ካልእ ጸገማትን ብምቅላል ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን እወታዊ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ፡ ብ16 መስከረም ኣብ ዝተገብረ ዘተ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ መምህር ዑስማን እድሪስ ሳላ ኣበርክቶ ኮም፡ ሕጽረት መምሃሪ ክፍልታት ተቓሊሉ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ከም ውጽኢቱ - ኣብ ዘይምቹእ ቦታ ዝምህሩ ዝነበሩ ኣብያተ-ትምህርቲ ናብ ዘመናዊ ህንጻታት ከምእተሰጋገሩ፣ ኣብ ቁጽሪ ተመሃሮ ድማ መጠናዊ ዕብየት ከምእተራእየ ሓቢሩ።

ምስ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብምንጽጻር፡ ቁጽሪ ተመሃሮ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2025/2026 ብ14.5 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፣ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ድማ ዘተባብዕ ምኻኑ ዝጠቐሰ መምህር ዑስማን፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምምሕያሽን ተሳትፎን ውጽኢትን ተመሃሮ ንምዕባይን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣበርቲዖን ክሰርሓ ኣተሓሳሲቡ።

ርእሰመምህራን ብወገኖም፡ ኣብ መብዝሕትኡን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርአ ሕጽረት መጽሓፍቲ ናይ መወከሲ ደረጃ፡ መምሃሪ ክፍልታትን መምህራንን ፍታሕ ክረኽብሉ ብምትሕስሳብ፡ ብኮም ዝወሰድ ተበግሶ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ተላብዮም።

ወኪል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ኣቶ ታረቀ ኣብዬ ድማ፡ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርትን ምቅላል ሕጽረት ኣብያተ-ትምህርትን ንዝተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ህዝቢ ዝወስዶ ዘሎ ተበግሶ ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ዝ. ብምጥዛብ - ኣብያተ-ትምህርቲ ብሓፈሻ መምህራን ድማ ብፍላይ እቲ ዝድለ ለውጢ ንምምጻእ ብዝተወፋይነት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

# ባረንቱ - ኣብ ሃገራዊ ፈተና ዝተዓወቱ ተመሃሮ ተሸሊሞም

ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ እትርከብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ጹታ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍልን ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍልን ንዝተዓወቱ ተመሃሮኣ ሸለማ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ናይ 2025/2026 ሃገራዊ መርመራታት፡ 37 ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ነጥቢ ዘረኸቡ፡ ከምኡ’ውን ልዕሊ 80 ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ሻምናይ ክፍሊ ተተባቢዖም።

ርእሰ-መምህር ናይ’ታ ቤት-ትምህርቲ - መምህር ሳምሶን ብርሃነ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተበጺሑ ዘሎ ዓወት ብጻዕሪ ተመሃሮ፡ ተወፋይነት መምህራን፡ ከምኡ’ውን ምክትታልን ናብዮትን ወለዲን ኮሚተ ወለድን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ተላብዩ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን መምህር ግዛኢ የውሃንስ ብወገኑ፡ ዕላማ ናይ’ቲ መደብ ቅዱስ ቅንኢ ብምፍጣር ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ንምዕባይ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ነዚ ተገንዚቦም ዓጸፋ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር ተስፋልደት ዘርእማርያም፡ መንገዲ ዓወት ነዊሕን ሓያል ዓቕሊን ተወፋይነትን ዝሓትትን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ንዘመዝገብዎ ውጽኢት ዓቒቦም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሑ ክጽዕሩ ምዒዱ።

# ሃበሮ - ውጽኢት ትምህርቲ ንምሕያል ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ ውጽኢት ትምህርትን ተመሃሮን ንምሕያል ዝቐየድ ጻዕሪ፡ ኣብ’ዚ ሓድሽ ኣካዳሚያዊ ዓመት ከምዝድፋኣሉ፡ ብ15 መስከረም ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ተገሊጹ።

ሓላፊ ትካላት ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዑስማን መሓመድ-ኣድም፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብውህደት ኩሎም ኣካላት ውጽኢታዊ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ ብምጥቃስ፡ መጠን ምቁራጽ ብ13 ሚእታዊት ከምዝነከየን ናብ ዝተሓት ደረጃ ንምውራዱ ብዝሓየለ ከምዝሰራሓሉን ኣብሪሁ።

ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ 48.6 ሚእታዊት ከምበጽሐ’ውን፡ መምህር ዑስማን ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ጠንቂ ምትራፍ፡ ዘይምቹእ መምሃሪ ክፍልታት፡ ከምኡ’ውን ዋሕዲ መጽሓፍትን ዘይምህላው ሓገዝቲ ስርዓታት ትምህርትን ምኻኖም ብምግላጽ፡ ብሓፈሻ ዘይምጥርናፍ ዓድታት ዓንቃጺ ኩነት ምህላዉ ኣገንዘበ።

ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ፡ 22 መውዓሊ ህጻናት፡ 12 ናይ መባእታ፡ 8 ናይ ማእከላይ፡ 4 ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ - ብጠቕላላ 46 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ርእይቶ

## ውጥን ተቐሲም ዘበርዓነት ሓንቲ ቃል

### ካብ መድረኽ 1949 ኒዮርክ ክሳብ'ዚ ሎሚ ዝስማዕ ዘሎ ህውተታ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

ታሪኽ ሓደ ዘርም ተፈጥሮኣዊ ባሕሪ ኣለዎ፥ ክምህርና እንከሎ ብህድኣትን ብሽቕታን እዩ ዝዝረብ፤ ክንርስዖ ምስ እንደሊ ግን ብመሪር መገዲ ደጊሙ ገጹ የርእየና። መብዝሕትኡ ግዜ ህዝብታት ንዝሓለፈ ፈተናታቶም ዘስተንትኑሉ መገዲ፥ ነቲ ኣብ ቅድመኦም ተገቲሩ ዘሎ ሓደጋ ናይ ምምዋት ዓቕሞም ይወስኖ። ኣብዚ እዋንዚ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ካብ ዝርከቡ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ፡ ሓደ ፍጹም ሓደሽ ዘይኮነ፥ እንተኾነ ግን ካብ መቓብር ዝተኾዕተ ናይ ቅድሚ 75 ዓመታት ናይ መግዛእቲ ህርፋን ዝሓፈሶ ቃናታት ክስማዕ ንስዕብ ኣለና።

"ቀይሕ ባሕሪ ናይ ህልውናና ጉዳይ እዩ፥ ብዘይ ወደብ ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና፥ ኤርትራ ናይ ባሕሪ ኣፍደገና ስለ ዝኾነት ብታሪኽን ብጂኦግራፊን ናትና ክትከውን ይግባእ" ዝብሉ ህውታትያ ቁዛሞታት ብተደጋጋሚ ይሰምዑ ኣለው። እዚ ዘረባታት'ዚ ነቲ ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ዝደሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘውክል ዘይኮነስ፡ ብውሑዳት ናይ ስልጣን ዕምሪ ንምንዋሕ ዝፍብረኽ ዘሎ ናይ ድሮ ውድቀት ደወል እዩ።

ንምዝኻኽር፡ ሓደ ብዘይሕሰብ ኩርናዕ ዝረአ ናይ ታሪኽ ማስትያት ኣሎ፥ እዚ ሎሚ መራሕቲ ኢትዮጵያ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ንምድፋር ዘቐርብዎ ዘለዉ መደረታት፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓደሽ ሓሳብ ኣይኮነን። ንሱ፥ ነቲ ኣብ 1949 ብናይ ምዕራብ ገዛእቲ ሓይልታት ተኣሊሙ፥ ብሓደ ካብ ማዕዶ ወቕያኖስ ዝመጸ ጸሊም ዲፕሎማት ድማ፥ ኣብ ሓንቲ ካልኢት ዝተቐብረ ናይ "ቤቨን-ስፎርዛ ውጥን" ዝተባህለ ናይ ምክፍፋል ውዲት ዝቐድሕዎ ዘለዉ ናይ መቓብር ኩዓቶ ጸወጸዋይ እዩ።

እሞ ደኣ፥ እቲ ካርታ ኤርትራ ንኽድምሰስ ብዓበይቲ ሓይልታት ዝተፈረደሉ፥ ድሕሪኡ ድማ ብተኣምራዊ መገዲ ኣብ ሓንቲ ካልኢት ዝደሓነሉ ታሪኽ እንታይ ነበረ፧ እዚ ሎሚ ዘሎ መድረኽ'ከ ካብኡ እንታይ ክመሃር ይግባእ፧

ነዚ ምስጢር'ዚ ብዕምቈት ንምርዳእ፥ ሰዓት ናብ ግንቦት 1949 ክንመልሶ የድልየና። ኣብቲ እዋን'ቲ ካልኣይ ኩናት ዓለም ተዛዚሙ፥ ጣልያን ኣብ ኤርትራ፥ ሊብያን ሶማልን ዝነበራ ግዝኣታት ኣረኪባ ወጺኣ ነበረት። ኤርትራ ብጊዝያውነት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ወተሃደራዊ ሓይሊ ብሪጣንያ ወደቐት። መጻኢ ዕድል ናይዘን ሃገራት ንምውሳን ድማ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለም ኣብ ኒዮርክ፥ ኣብቲ ሽዑ ሓደሽ ዝነበረ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተኣኪበ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዓባይ ብሪጣንያ ኣርነስት ቤቨን (Ernest Bevin) ከምኡ'ውን ናይ ጣልያን መዘናኡ ካውንት ካርሎ ስፎርዛ (Carlo Sforza) ኣብ ለንደን ብምስጢር ተራኺቦም ሓደ ዘሰካሕክሕ ናይ ምክፍፋል ውዕል ኣዳለው። እዚ ስምምዕ'ዚ ኣብ ታሪኽ "ውጥን ቤቨን-ስፎርዛ" ተባሂሉ ይጽዋዕ።


እቲ ውጥን ንመላእ እተን ናይ ቀደም ግዝኣት ጣልያን ዝነበራ ሃገራት ከም ናይ ሽቐጥ ኣቕሓ ክመቓቕለን ወሰነ። ንሊብያ ኣብ ሰለስተ ዞባታት መቒሉ ንብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ጣልያንን ክመቕላ፤ ንደቡባዊ ሶማል ድማ መለሱ ንጣልያን ከረክቡ፤ ብዛዕባ ኤርትራ ዘቐመጦ ውሳነ ድማ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ነበረ፥ "ኤርትራ እትብሃል ሃገር ካብ ካርታ ዓለም ትድምሰስ!" ዝብል ውጥን ነበረ። ብመሰረት እቲ ውጥን፥ እቲ ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ምስቲ ብሪጣንያ እተግዝኦ ዝነበረት ሱዳን ክጽንበር ተመደበ፡ እቲ ከበሳን ከምኡ'ውን እቲ ስትራተጂያዊ ጥምጥም ቀይሕ ባሕሪ - ማለት ምጽዋዕን ዓሰብን ድማ - ነታ ብሃጼ ሃይለስላሴ እትምራሕ ዝነበረት ኢትዮጵያ "ናይ ወደብ ህርፋና ንምርዋይ" ተባሂሉ ብናጻ ክወሃብ ተወሰነ።

እዚ ውሳኔ'ዚ፡ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ወደብ ጥሞየት ንምርዋይ ተባሂሉ ንኤርትራ ንዘልኣለም ዘጥፍእ ናይ መጥባሕቲ ካራ ነበረ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ምዕራባውያን ሓይልታትን ነዚ ውጥን'ዚ ብምሉእ ሓይለን ደገፍኦ። ንኸለን ኣብ ትሕቲ ጽልዋአን ዝነበራ ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ካሪብያንን ድማ ነዚ ውጥን'ዚ "እወ" ኣለን ንኽድግፋ ናይ ዲፕሎማሲን ናይ ገዚፍ ከቢድ ጸቕጢ ገበራ። እቲ ውሳኔ ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ንክጸድቕ ናይ ክልተ-ሰሶ ድምጺ የድልዮ ነበረ።

እዚ ጸሊም ደመና ኣብ ሰማይ ኤርትራ ኣንጠልጢሉ ኣብ ዝነበረሉ ህሞት፡ ኣብ ኒዮርክ ሓደ ዓቢ ናይ ህይወትን ሞትን ቃልሲ ይካየድ ነበረ። ካብ ኣስመራ ዝተበገሱ ናይ ቀጽሪ ናጽነት (Independence Bloc) መራሕቲ ዝነበሩ ከም ብፁእ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣንን ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ኣብቲ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣደራሽ ተረኺቦም ነበሩ። እዚ ናይ መሰልምን ክርስትያንን ሓድነት፡ ናይ ቆላን ከበሳን ጥምረት፡ ነቲ ገዛእቲ ሓይልታት "ኤርትራውያን ሓብርም ክነብሩ ኣይኽእሉን እዮም" እናበሉ ዝፍብርኽዎ ዝነበሩ ናይ ምምቓል ፕሮፓጋንዳ ዘፍሸለ ህያው ናይ ሰላት ኣብነት ነበረ።

እዞም ኣቦታት ኤርትራውያን ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣይነበሮምን፥ ኣብ ጥሕታት ዝተቐመጠ ገንዘብ እውን ኣይነበሮምን፤ ዝነበሮም ሓንቲ ሃገር ጥራይ ነበረት፥ ናይ ሓቂ ናይ ፍትሒ ድምጺ! ኣብቲ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮሪደራት እናተዘዋወሩ ንፍሲ-ወከፍ ዲፕሎማት፡ "ኤርትራ ናይ ገዛእ ርእሳ ታሪኽን መንነትን ዘለዋ ሃገር እያ፤ ኣይትምቀሉና፡ ናጽነትና ሃቡና!" እናበሉ ብትብዓት ይምጉቱ ነበሩ። መብዛሕትኦም ናይ ምዕራብ ዲፕሎማት ግን ንረብሓታቶም ቀዳምነት ብምሃብ ማዕጾኦም ዓጸውሎም። ልኡኽ ንገስ ኢትዮጵያ ድማ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኑ ምስ ዓበይቲ ሓይልታት እናተሻረኸ፥ ኤርትራ ከም ወህብቶ ክትወሃቦ ሃንቀው ይብል ነበረ።

ኣብታ ናይ መወዳእታ ድምጺ ናይ ምኡብ ለይቲ፡ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ምስቲ ናይ ሃይቲ (Haiti) ልኡኽ ዝነበረ ኤሚል ሰንሎ (Émile Saint-Lôt) ተራኸበ። ሸኽ ኢብራሂም ብየማኑ ሓዘን ተዋሒጦም ናብቲ ዲፕሎማት ጠሚቶም እዚ ዝስዕብ ታሪኻዊ ቃላት ተዛረቡዎ፥ "ክቡር ኣምባሳደር፡ ሃገርካ ሃይቲ እኮ ኣብ 1804 ንናይ ፈረንሳ ባርነትን መግዛእትን ሰዒራ ናጻ ዝወጸት ቀዳመይቲ ጸሊም ረፓብሊክ ናይ ዓለምና እያ! ኣቦታትካ ንባርነት 'ኣይፋል' ኢሎም ብደሞም ታሪኽ ዝጸሓፉ ጀጋኑ እዮም። ሎሚ ደኣ ብኸመይ ንሕና ኣሕዋትካ ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ብሓያላት ሃገራት ናብ ባርነትን ምክፍፋልን ክንድርበ እንከለና ብሸቕታ ትዕዘብ፤ ብኸመይ ኢልካ'ኸ ሃገርና ንኽትመቓቐልን ወደባትና ንኢትዮጵያ ክወሃባን ኢደኻ ተልዕል፤" እዚ ቃላት'ዚ ናብ ኣእምሮ ኤሚል ሰንሎ ከም መብረቕ ኣተወ።



ኤሚል ሰንሎ ተራ ዲፕሎማት ኣይነበረን። ኣብ 1904 ዝተወልደ፡ ዓቢ ናይ ሕጊ ሊቅ፡ ጋዜጠኛን ቀዳማይ ኣባል ባይቶን ነበረ። ኣብ 1948 ምስ ኤሌኖር ሩዝቨልት ብሓባር ብምኻን ነቲ ወሩይ "ዓለምለኻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት" (Universal Declaration of Human Rights) ዘዳለወ ናይ ሳልሳይ ኮሚቲ ዋና ጸብጻብ ኣቕራቢ ዝነበረ ዓለምለኻዊ ሰብ እዩ ዝነበረ። እንተኾነ ግን ኣብታ ለይቲ እቲኣ፥ ኤሚል ሰንሎ ኣብ ከቢድ ናይ ሕልናን ፖለቲካን ፈተና ወደቐ። ኣብ ጁባኡ ሓደ ናይ ቴሌግራም መልእኽቲ ነበረ። ካብ ርእሰከተማ ሃይቲ ካብ ፕረዚደንት ዱማርሴ ኤስቲሜ ብቐጥታ ዝተላእከ ትእዛዝ እዩ። እቲ ትእዛዝ ንጹር ነበረ፥ "ምስ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ምዕራባውያን መሻርኽትናን ኳንኳ ነቲ ናይ ቤቨን-ስፎርዛ ውጥን 'እወ' ኢልካ ደግፍ!" ይብል እቲ ቴለግራም።

እቲ ዓቢ ዲፕሎማት ኤሚል ሰንሎ፥ ብቲ ሓደ ወገን ናይ ገዛእ ርእሱ መንግስትን ናይ ልዕለ-ሓያላት ኣመሪካን ምፍርራሕ ነበረ፤ በቲ ካልእ ወገን ድማ እቲ ናይ ሃገሩ ናይ 1804 ናይ ሓርነት ውርሻን እቶም ኣብ ቅድመኡ ደው ኢሎም ዝነብዑ ዝነበሩ ናይ ኤርትራ፥ ሊብያን ሶማልን ኣሕዋቱን ነበሩ።

17 ግንቦት 1949። ሰዓት ናብ ፍርቂ ለይቲ ገጹ ይቐርብ ነበረ። ኣብ ኒዮርክ እቲ ወሳኒ ናይ ድምጺ ምሃብ መስርሕ ተጀመረ። እቲ ውሳኔ ንኽጸድቕ ናይ ክልተ-ሰሶ ድምጺ ብልጫ የድሊ ነበረ። ኣብቲ እዋን 59 ኣባላት ሃገራት ጥራይ እየን ነይረን። እተን ሓያላት ሃገራት ነቲ ዝተረኽበ ድምጺ ጸብጺቦ፡ ልክዕ 37 ናይ ደገፍ ድምጺ ነይሩወን፤ እቲ ውጥን ንኽጸድቕ ሓንቲ ድምጺ ጥራይ እያ ትጎድል ነይራ! እታ ናይ መወዳእታ ወሳኒት ድምጺ ድማ ናይ ሃይቲ ነበረት። ናይ ብሪጣንያ፡ ኣመሪካን ኢትዮጵያን ልኡኻት ገጾም ብናይ ዓወት ፍሸኽታ ተወሲዑ ነበረ። ልኡኽ ናይ ሃይቲ 'ንትእዛዝ ዋሺንግተንን ናይ ገዛእ ርእሱ መንግስትን ጥሒሱ ካልእ ክገብር ይኽእል'ዩ' ዝብል ግምት ፈጺሙ ኣይነበሮምን። እቲ ጸሓፊ ናይቲ ባይቶ ብቡሉድ ናይ ሃገራት ስም ጸዊዑ ኣብ መወዳእታ በጺሑ– "ሃይቲ!"።

ኣብቲ ኣደራሽ ፍጹም ጸጥታ ሰፈነ። ኤሚል ሰንሎ ብህድኣት ካብ መንበሩ ተንስኡ። ነቲ ኣብ ጁባኡ ዝነበረ ናይ ፕረዚደንቱ ትእዛዝ ረገጾ። ነቲ ናይ ምዕራባውያን ሓያላን ናይ ስልጣን ምፍርራሕ ናብ ጎድኒ ደርበዮ። ማይክሮፎኑ ኣልዒሉ እሞ፥ በቲ ብርቱዕ ድምጹ፥ ብቛንቋ ፈረንሳይኛ ሓንቲ ቃል ጥራይ ጨደረ– «NON!» (ኣይፋል!)። እታ ቃል ካብ ጽቶ ንጽቶ እቲ ኣደራሽ ከም ነጎዳ ኣቃልሐት! ናይ ኣመሪካ ልኡኽ ጆን ፎስተር ዳላስ ብሰንባደ ካብ መንበሩ ነጠረ። ናይ ብሪጣንያ ወከልቲ ዲፕሎማት ብሓዘን ኣእዳዎም ኣብ ግንባሮም ኣንበሩ። ወጽኢት ተነበ– 37 ደገፍቲ፡ 14 ተቓወምቲ! እቲ ውሳኔ ንኽሓልፍ 38 ድምጺ የድሊ ስለ ዝነበረ፡ ብሓንቲ ድምጺ ጥራይ ፈሸለ! ኤሚል ሰንሎ ንኤርትራ ብኣካል ርእዩዋ ወይ መሬታ ረጊጹ ኣይፈልጦን። እንተኾነ ግን ኣብታ ናይ ግንቦት 1949 ጸላም ለይቲ፡ ንሱ ናይ ፍትሒ ድምጺ ኮይኑ ብምድማጹ፡ ንካርታ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነስ ንመላእ ህዝብታት ሊብያን ሶማልን ካብ ናይ ዳግመ-መግዛእቲ መቑሕ ኣድሓነን። እቲ ናይ ቤቨን-ስፎርዛ ናይ ምክፍፋል ውጥን ከም ኣብ ሓጺ ዝሰረተ ገዛ ብእኡንቡኡ ፈረሰ።

እምበኣር፡ እቲ ዘሰደምም ናይ ታሪኽ ማስትያት ኣብዚ'ዩ ዝገለጽ። ሎሚ ድሕሪ 75 ዓመታት፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣብ መድረኻት ደው ኢሎም "ቀይሕ ባሕሪ ተፈጥሮኣዊ ማሰልና እዩ፥ ወደባት ኤርትራ ናትና ክኾኑ ኣለዎ" እናበሉ ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት ኤርትራ ብድፍረት ክዛረቡ እንከለው፡ ፈጺሞም ዘየስተብሃሉሉ ዓቢ ናይ ታሪኽ ሓቂ ኣሎ። ንሳቶም ዝደግምዎ ዘለዉ ዘረባ ነቲ ኣብ 1949 ብሓደ ናይ ካሪብያን ዲፕሎማት ዝተቐብረ ናይ ቤቨን-ስፎርዛ ውጥን እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሃጼ ሃይለስላሰ ንኤርትራ ንምውሓጥ ዝተጠቕመሉ መመኽንዪታ ልክዕ ከምዚ ሎሚ ዝስማዕ ዘሎ ነበረ– "ኢትዮጵያ ዓባይ ሃገር ስለ ዝኾነት ብዘይ ወደብ ክትነብር ኣይትኽእልን እያ፤ ኤርትራ ድማ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ስለ ዝኾነት ናትና ክትከውን ኣለዋ" ዝብል ናይ ስዕዐ ቋንቋ። ሽዑ፥ ሓያላን ሃገራት ዓለም ብምሉእ ጽልዋአን ንኤርትራ መቒለን ወደባታ ንኢትዮጵያ ክህባ ኣብ ዝፈተናሉ ህሞት፡ እቲ ውጥን ብሓንቲ ናይ ሕልና ድምጺ («NON!») ተሳዒሩ እዩ።

እሞ ደኣ፥ እቲ ሽዑ ዝፈሸለ ናይ ምክፍፋል ሕልሚ፥ ሎሚ ብኸመይ ብመደረታት ፓርላማ ኣዲስ ኣበባ ክዕወት ይኽእል፧ ኣብ 1949፥ ኤርትራ ገና ሰራዊት ይኹን ብረት ኣይነበራን። እንተኾነ ግን ካርታኣ ብፍትሒ ጸኒዓ ደው ኢላ። ሎሚ ግን፥ እቲ ካርታ ብሓንቲ ናይ ዲፕሎማት ድምጺ ጥራይ ዘይኮነ፥ ብናይ ኣሽሓት ናይ ኤርትራውያን ሰማእታት ክቡር ደም ዝተሓትመ፥ ብናይ 1964 ናይ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (OAU) ናይ ቅቡልነት ዶብ ውሳኔ ዝተረጋገጸ፥ ብናይ 1993 ረፈረንደም ብምሉእ ድምጺ ህዝቢ ዝጸደቐ፥ ከምኡ'ውን ብናይ 2002 ናይ ሄግ ናይ ዶብ ኮሚሽን (EEBC) ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን ዝተዓሸገ ዘይፈርስ ሓጺናዊ ዓንዲ እዩ! ስለዚ፥ ሎሚ መራሕቲ ኢትዮጵያ ነቲ ሰላም ዝደሊ ህዝቦም ብናይ ወደብ ሕልሚ እናደናገሩ ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት ኤርትራ ዘይሕጋዊ ስሰዐታቶም ክድርጉሑ እንከለው፥ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ዝህቦም መልሲ ሓደ ጥራይ እዩ– «NON!» - ኣይፋል! ንዘለኣለም ኣይፋል!

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሰሚናር ሚኒስተር ሓሊማን ዶር/ ሳልሕን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 14:20 | ሪፖርታጅ ኤግዚበሽን |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብትግረ) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መዝሞሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊንቅል |

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ውሕስነት ከባቢና ንድሕነት ደቅና

ሳልም የኑስ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ለካቲት 2022፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሞሮኮ ኢግርሃን ኣብ ዝበሃል ዓዲ፡ ዘጋጠመ ሓደ ፍጻመ ነይሩ። ረያን ዓውረም ዝበሃል ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ቈልዓ፡ ኣብ ከባቢ ቤቱ እናተጻወተ እንከሎ ኣብ 32 ሜትሮ ዝዕምቆታ፣ 45 ሰንቲ ሜተር ድማ ሰንጣቒት ዘለዋ ዒላ ወዲቑ ይጥሕል። እታ ዒላ፡ ኑቲ ኣብቲ ከባቢ ዘጋጥም ዝበረ ሕጽረት ማይ ንምብዳህ፡ ብበርቲ ናይቲ ከባቢ ኣዚያ ክትዓሙቕ ከም እተገብረ ይሕበር።

ኣሸጋሪ ቅርጺ መሬትን ውሑድ ጸጋታትን ድማ፡ ኑቲ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጸለ ናይ ህይወት ኣድሕን መስርሕ ኣኽቢድዎ ምንባሩ ይፍለጥ። እቲ ፍጻመ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ዓለማዊ ኣደህቦ ረኺቡን ማዕከናት ዜና ብዝሓበኦ ሽፈነ ኣዝዩ ተጋዊሑን ምንባሩ ይዝከር። እቲ ክስተት፡ ብርህራህን ድንጋጸን ጀሚሩ፡ ናብ ህጹጽነትን ሓባራዊ ሰብኣዊ ተግባርን ኣምረሐ።

ክኢላታት ምድሓን ህይወት፡ ኣብቲ ቦታ ተዋፊሮም ለይትን ቀትርን ዘክኣሎም ኣበርክቶ ገበሩ። ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለምና ዝርከቡ ህዝቢ፡ ሃይማኖታውያን ትካላትን፡ ንድሕነት ረያን ዓውረም ተመንዮምን ኣጸሊዮምን። መወዳእታ ናይቲ ፍጻመ፡ ልቢ ዝሰብር እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ረያን ዓውረም፡ ምስቲ ዝተኻየደ ስርሓት ህይወት ምድሓን ብምንጽጻር ብህይወት ስለዘይሰረረ። እዚ እናኾነ ግን፡ ምስቲ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለምና፡ ኣብ ልዕሊ ኣሽሓት ሰባት ንዘወርድ ዘሎ ግፍዒታት ዝኸሰእ ዘሎ ኣደህቦ ብምንጽጻር፡ ህይወት ሓደ ሰብ ንምድሓን ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ህይወት ሰብ ምድሓን ግዴታ ኩሉ ምዃኑ ዘርኣየ ሰናይ ተግባር ነይሩ። እቲ ዓቢ ስእሊ ናይዚ ፍጻመ ድማ፡ ንመሰረታዊ መትከላት ሰብኣውነት ዘንጸባረቐ ፍጻመ እዩ ነይሩ።

ናብ ዛንታ ረያን ንምምላስ፡ እቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ ገጠር፡ ግቡእ መከላኸሊ ዘይብሉ ዒላታት ስለዝርከቦ ስግኣት ዘለዎ እዩ። ኣብቲ እዋን ዘጋጠመ ሞት ረያን ዓውረም ድማ፡ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ንዘጋጥም ሓደጋታት ንምቕናስ፡ ክንዮ ድሕነት ቈልዑ ዘኾብሩ ሕጋጋት ምጽዳቕ፡ ንድሕነት ቈልዑ ግብራዊ ስራሕ ክንሰርሕ ዘየኽ እዩ። እቲ ንረያን ዘጋጠሞ ሓደጋ፡ ኣብ ከባቢ ቤቱ ምስ ምጥጣሙ፡ እቲ ፍጻመ ንዓለምና ትምህርቲ ዘቕሰመ፡ ኣብ ዝሰርሖ ትሕቶ ቅርጽታት፡ ኪጋጥሙ ንዘኽእሉ ሓደጋታት ንምቕናስ፡ ዝሓየለ ኮማዊ ምድላው፡ ብደረጃ ዓለም ክተግብር ከም ዘለናʼውን ኣዘኻኺሩና።

እዚ ተርእዮ ኣብ ሃገርናʼውን፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ግዜ ክረምቲ፡ ቈልዑ ኣብ ዒላታት ክጥሕሉ፡ ብውሕጅ ክውሰዱ ኣብ ንዕዘበሉ እዋናት፡ ከቢድ ጓሂ ዝፈጥር ክስተት ኮይኑ ካብ ዝሓልፍ ሒደት ኣየቒጸረን። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ፡ ክኢላ ስኡልቦና ራቼል ካቢልስኪ፡ “ንድሕነት ቈልዑ ኣብ ከባቢ መንበሪኦም ንምውሓስ፡ ዕቱብ ቁጽጽር ወለዲ ምኽያድ ኣጉዳሲ




ኮይኑ፣ ናይ ድሕነት መከላኸሊ ብዝግባእ ዘይምህላውን፡ ናይ ድሕነት ኣገባባትን ቀረብ ጸጋታትን ዘይምውሓሶምን፡ ገለ ካብቶም ኑቲ ጸገም ዝሓላለኹ፡ ጸለውቲ ምኽንያታት እዮም” ክትብል ተረድእ።

ስኡሓሳቡ ስርዓት ምብህሃል ወላድን ቈልዓን (Parent-child Interaction theory)፡ ወለዲ ምስ ደቀም ዝገብርዎ ምውሳእ ኣብ ባህርን ድሕነትን ቈልዑ ጽልዋ ከም ዘለዎ እዩ ዝጠቕስ፡ ኣብ ኣከባቢና ማእሊያ ዘይብሎም ነገራት ኣለዉ። ገለ ህይወታውያን፡ ገለ ዘይሂወታውያን፡ ገለ ድማ ሰብ ሰርሖ ይርከብዎም። ኣከባቢ ክበሃል ከሎ፡ ንኹሉ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ነገራት ዘጠቓልል ማለት እዩ። እዞም ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ነገራት፡ ገለ ብዝግባእ ኣብ ጥቕሚ እንተውዓልና ክጠቕሙና፡ ገለ ድማ ብጥንቃቐ እንተ ዘይተኣልየም፡ ሃሲያ ከስዕቡልና ዝኽእሉ ነገራት እዮም።

ቈልዑ ምስ ኣከባቢኦም ንምልላይ፡ ካብ ወለዲ ጀሚርካ፡ ካልኦት ማሕበራውያን ትካላት ከም ኣብያተ ትምህርቲ ሓዊስካ፡ ብዛዕባ ኣከባቢኦም ዝፈልጥሉ ኣስተምህሮ ናይ ምቕሳም ሓላፍነት ኣለዎም። ቈልዑ፡ ከም ባህሪ ኣብ

ከባቢኦም ንዝርኣይዎ ነገራት፡ ንወለዶም ብምሕታት፡ ዝያዳ ኣፍልጦ ክድልቡ ይህቅኑ። በዚ መሰረት፡ ቈልዑ ተረኪቦቲ ሃገር ከም ምዃኖም መጠን፡ ድሕነቶም ተረጋጊጹ ክዓብዩ፡ ናይ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብን ኮምን ሓላፍነት ምዃኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ብመሰረት ኣህጉራዊ ውዕል መሰል ቈልዑ፡ ዓንቀጽ 6.1፡ ኣባል ሃገራት ንህላወን ምዕባለን ቈልዓ፡ ክሳዕ እቲ ዝለዓለ ዝኽእሉ ዓቕመን ከበርክታ ከም ዘለወን ዝድንግግ ትሕዝቶ ኣለዎ። ብተወሳኺ ኣብ ዓንቀጽ 24/1/ሐ፡ ካብ ኣከባብያዊ ብከላ ክመጽእ ዝኽእል ድንገትን ሓደገኛ ሳዕቤንን፡ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ውሽጢ መሰረታዊ ክንክን ጥዕና ብምሕቋፍ፡ ብቐሊሉ ክርከብ ዝኽእል ቴክኖሎጂ ብምዝውታር፡ ንጥዕና ቈልዑ መኣዛ ዝሀብ መግቢ፡ ጽሩይ ዝስተ ማይን ምቕራብ ኣገዳሲ ምዃኑ ዝገልጽ ትሕዝቶ ይርከቦ።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ምጥሓል ካብቶም ሞት ዘስዕቡ ጠንቅታት፡ ብሳልሳይ ደረጃ ዝስራዕ ምዃኑ ይሕብር። ብዓለም ደረጃ ድማ፡ ዓመታዊ ኣስታት 300 ሽሕ ሞት የስዕብ፡ እቲ ቁጽሪ ካብʼዚ ክልዕል ከም ዝኽእልʼውን ይግምት።

ኣብ መዳይ ድሕነት ቈልዑ፡ ኣብ መንበሪ ቤት፡ ከባቢናን ቤት ትምህርትን፡ ብደረጃ ስድራቤት ይኹን ኮም ጥንቃቐታት ክንገብረሎም ዝግብኡ ነገራት ገለ ንምጥቃስ፡

1. ኣብ ቤት፦ ቈልዑ ኣብ ቤቶም ኣብ ዝህልውሉ ግዜ፡ ውሕስነቶም ዝተማልአ ኮይኑ እዩ ዝስምዖም። ይኹን እምበር ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ስግኣት ዝተቓልዑ ምዃኖም ምግንዛብ የድሊ። ከም ዕድመ ናይ ደቅና ድማ፡ ብዝጥዕም ኣገባብ ሓበሬታ ምሃቦም እተ ቀንዲ ኣገዳሲ ረቛሒ ምዃኑ ይሕበር። እቶም ብደረጃ ስድራ፡ ምጽጋን ዘድልዮʼሞ ንቈልዑ ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ ነገራት ብቐልጡፍ ምዕራዮም ኣገዳሲ እዩ።

እዚኣቶም፡ ከም ሓዊ፡ ኤሌክትሪክ፡ ኣብ ፋርኔሎ ወይ ጋዝ ዝሰኸተቱ ውዑያትን ተባራዕትን ነገራት፡ ኣብ ግቡእ ቦታ ዘይተዓቀቡ መድሃኒታት ወይ ኣፋውስ ዝኣመሰሉ ነገራት፡ ኣብ ድሕነት ቈልዑ ብዘለዎም ኣሉታዊ ተራ ብዝግባእ ክንጥቀቐሎም የድሊ። ኣብ ዝተፈላለየ ኢጋጣሚታት ከም እንሰምዖ፡ ብዙሓት ቈልዑ ማይ ውዑይ ፈሲስዎምን፡ ተመጣጢሮም ጋዝ ኣብ ዝሕዝሉን ግዜ፡ ህይወቶም ክስእኑን ከቢድን ፈኲስን መቑሰልቲ ድማ ክወርዶምን ይርኣ። እዞም ሓደጋታት፡ ኣቐዲምና ብእንገብሮ ልዑል ጥንቃቐ ክንከላኸሎም እንኽእል ኮይኑ፡ ምናልባት ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ድማ ቅልጡፍ ሕክምናዊ ረዲኤት ክንሓትት ይግባእ።

2. ኣብ ኣከባቢ፦ ቈልዑ ኣብ ኣከባቢ ቤቶም ኣብ ዝህልውሉ ግዜ ምኽትታል ወለዲ ወይ ኮም ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ሃገርና፡ ከም ባህሊ ንቈልዑ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ነገር ምስ እንዕዘብ፡ ዓገብ ናይ ምባል ልምዲ ኣሎ። እዚ ክዕቀብ ዝግብኦ እዩ። ቈልዑ ኣብ ከባቢኦም፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ንሓደጋ ዝተቓልዑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብነታት ንምጥቃስ፡ ብግቡእ ዘይተኸደኑ ዒላታት፡ ሓለዋ ዘይብሎም ዲጋታትን ዒላታትን፡ ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ መስመራት ኤሌክትሪክ፡ ተፋሒሮም ዘይተደፍኑ ጉድጓዲ፡ ዘይተኸተቡ ኣኽላባት፡ ጸዕቒ ተሸከርከርቲ ዘለዎ ጽርግያ፡ ጋሻ ውሑጅ ወዘተ ገለ ካብቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉ፡ ስግኣት ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ ኮይኖም፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝታይ፡

ናይ ቅድመ ጥንቃቐ ስጉምትታት ክውሰድ ይግባእ። ኣብ ገጠራት፡ ምስ ማሕረስን መጓሰን ዝተኣሳሰር ንጥፈታት ዘለዎም ቈልዑ፡ ኣብ ዝዋሃቦም ንጥፈታት እኹል ሓበሬታ ከም ዝረኽቡ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ወለዲ፡ ምስቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ማሕበረ ኮማት ብምውህሃድ፡ ውሑስ ክንቀሳቐሱሉን ክጻወቱሉን ዝኽእሉ ቦታታት ምፍጣር ኣገዳሲ እዩ።

3. ኣብ ቤት ትምህርቲ፦ ቤት ትምህርቲ ኣገዳሲት ትካል ምምሕባር እያ። ቈልዑ፡ ካብ ቤቶም ወጺኦም ዝበዝሐ ግዜኦም ዘሕልፉላ ቤት ትምህርቶም እያ። ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ግዜ ሓደጋ፡ ተማሃሮ ብህጹጽ ክወጽኡሉ ዝኽእሉ መዓጹ፡ ውሑስ መስመራት ኤሌክትሪክ፡ ኣብ ናሕሲ ዝርከቡ ኣእማን ይኹን ካልእ ሰብ ኪይጎድኡ ብእዋኑ ምእላይ፡ ልዕሊ ቁመት ክፍሊ ዝኸዱ ኣግራብ ምቕራጽ፡ ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ ዝርከቡ መሳኹቲ ክፍልታት መከላኸሊ ምግባር፡ ካልኦት ስግኣት ንሓደጋ ክኾኑ ዝኽእሉ ብምልላይ፡ ናይ ቅድመ ምድላው ስርሓት ክጸፈፍን ውሕስነት ተማሃሮ ክረጋገጽን ይግባእ።

ኣብዚ ጉዳይ፡ ብፍላይ ርእሰ መምህራን፡ ምስ ኣመሓደርትን መምሃራንን ብምዃን መጀመርያ ኣፍልጦ ቈልዑ ኣብ ምዕባይ ክሰርሑን፡ ነቲ ዝዓለመ ጉስጓሳት ክገብሩን፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዃን ድማ ናይ ቅድመ ምድላው ንጥፈታት ብዝሓየለ ኣገባብ ክሰርሑሉን የድሊ። ብተወሳኺ ተማሃሮ ናብ ትምህርቲ ክኣትዉን ክፍደሱን ከለዉ፡ ብፍላይ ድማ እቲ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ከባቢ ጽርግያ ዝተደኮነ ምስ ዝኸውን፡ መምሃራን ምስ ፖሊስ ትራፊክን ምምሕዳራትን ብምሽራኽ፡ ናይ ፍጥነት መጉደሊ ኣገባባት ብምትካል፡ ድሕነት ተማሃሮ ክውሕሱ ሓላፍነት ኣለዎም።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ከም ዘሎ፡ ቈልዑ ከባቢኦም ምስ መዛኑኦም ብምዃን ናይ ምድህሳስ ባህሪ ኣለዎም። ስለዚ ወለዲ፡ ደቅና ምስ ከባቢኦም ብዝግባእ ክላለዩዎምን ክፈልጥዎምን ሓላፍነት ኣለና። ንቈልዑ፡ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ ነገራት ኣፍልጦኦም ክዓቢ፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ማለት ስድራቤት፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ምምሕዳራት፡ ኣካላት ፖሊስ፡ ብውህደት ናይ ቅድመ ምድላው ስርሓት ብምኽልባት፡ ኣብ ከባቢኦም ውሕስነት ብምፍጣር፡ ድሕነት ህይወት ቈልዑ ንምውሓስ ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ፡ መድረኽ ዝጠልቦ ሓላፍነት እዩ።

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ኤርትራ ሓይላ ኣብ ሰባ እዩ፤ ብሓድነታን ጥምረታን ዝኾርዐት ሃገር እያ” ሌ/ኮ ተመስገን ሳሚኤል

ስእሊ.- ኣብርሃም በየነ

*ኣብ ናይ 16 ማእከርም 2026 ሕታምና፣ ብዛዕባ መዓስከር ሳዋን መንእሰያታን ብኣጠቓላሊ ድማ እቲ ንዓመት መመላእታ ዝካሳል ትምህርታውን ወተሃደራውን ንጥፈታት ኣመልኪትና ምስ ምክትል ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሌ/ኮ ተመስገን ሳሚኤል (ወዲ-መምህር) ቃለ መጠይቕ ኣካይድና ከም ዝበርና ይዝከር። ንሎሚ ከኣ 2ይ ክፋል ይስዕብ፡*

**- ከም ኣብነት 37 ዙርያ ኣለይቲ ተመሃሮ ኣለዉ. ኣልናሞ፡ ብዕድመ ዳርጋ ማዕረ እቶም ተዓለምቲ መንእሰያት ብምዃናም እቲ ሓላፍነት ስራሕ ከመይ ይላበስዎ፤**

ሳዋ ክኑብ ሕጂ ኣብ ምውርራስ ታሪኽን ባህልን ጠጠው ከይበለ እዩ ዝጉዓዝ ዘሎ። ከምኡ ዝገበሮ ምኽንያት ከኣ እቲ ማስርሕ ተመክሮ ህንጻት ናይቶም መንእሰያት ይኸዉ ናይቶም ዓለምቲ ብእኡ መጠን ይኸይድ ስለ ዘሎ እዩ። 37 ዙርያ እንተ ደኣ ኣልና፡ ብዕድመ እንተ መጺእና ደቂ 18 ዓመት፡ እንተ በጺሖም ከኣ ደቂ 20 ዓመት እዮም። እዚ መንእሰይ'ዚ፣ “እዞም መንእሰያት እዚኦም፡ ኣመሓደርም ኣብ ትሕተኻ እዮም” ኢልካ ክትዛህቦ እንከለኻ ቀሊል ሓላፍነት ኣይከውንብን ተሰኪሞ ዘሎ'ኻ፣ እቲ ኣገባብ ኣተኣላልያ፡ ኣተዓላልማ ኣብ ኑብሱ ገለ ስምዒት እናፈጠረሉ ስለ ዝኸይድ፡ ተላልዩም'ውን ስለ ዝጸንሐ፣ ቀልጢፉ እዩ ኣብቲ ማስመር ዝኣቱ። ንኣሾቱ እንከለዉ ብዕድመ ግን ወለዲ ኩይናም እዮም ዝኸዱ። ዝረኣ ንኣሾቱ ጌጋታት እንተ ሃልዩ፡ ኣብቲ ጉዕዞ ኣብ ግዜኡ እዩ ዝእረም። ስለ'ዚ እቲ መንእሰይ በዚ ደረጃዚ ኒሕ፣ ሓቦ፣ ሃገራውነት፣ ጥምረት፣ ሓድነት ኣጥርዩ ይኸይድ ኣሎ ኢልና ንዝረብ እንተለና ከኣ ውጽኢት ምሕደራን ኣተኣላልያን ናይቶም ዓለምቲ ቶምን ሓለፍቶምን ምኻኑ ምርዳእ የድልዩ።

**- ካልእ ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይብሉ፣ ኣብዚ መዓስከር ኣብ ዝግበር ወተሃደራውን ትምህርታውን፣ ባህላውን ስፖርታውን ውድድራት፣ ኣብቶም መንእሰያት ዝረኣ ናይ ምጽልላውን ተወዳዳርነትን መንፈስ ከመይ ትገልጾ፤**

እቲ ኣብ መንጎ እዞም መንእሰያት ዝግበር ውድድራት ኣካል ናይቲ ኣብዚ መዓስከር ዝወሃብ ስልጠናን ትምህርትን እዩ። እዚ ካብ እዋን ቃልሲ ኣብ ሳሕል - ኣብ እዋን ታዕሊም ከይተረፈ ዝተጀመረ እዩ። ታባ ቀጥዒ ዝበሃል ነይሩ ኣብ ሳሕል፡ ካብኡ ጽሑዲ ንኣንደር ግራውንድ ቀሪጽካ ክትወርድ እንከለኻ፡ ካልእ ኣሃዱ ከይቕድመካ ተሓብእካ ለይቲ እናሰራሕካ፡ መታን ንጎኻ ርእዮም ገለ ከይገብሩ ኣዚኻ ኢኻ ትጽዕር። ኣብቲ ውድድር ዝሓየልካ ኳንካ ንኽትወጽእን ንኽትርከበን'ዩ እዚ ኹሉ ጻዕሪ። ንኣብነት፣ 1ይ ዙርያ እናተዓለሙ እንከለዉ፣ ቀቅድሚ ምምጽኦም፡ እቲ ኣብዚ ዝበረ ኣባል እዩ ኑቲ ቴንዳኦም ኣዳልዩዎ ዝጸንሐ ነይሩ። ኑብሱ ይምሓሮ ተሰዊኡ'ዩ - ብርጣንያ ዝብልዎ መራሒ ሓይሊ ነይሩ። ካብዞም ናይ ግንባራት ታዕሊም ካብ ኮር 381 እዩ መጺኡ። እቲ ኣብ ታዕሊም ዝግበር ናይ ውድድር መንፈስ እንደየ ክገልጸልካ ደልየ፡ እቲ ሽኻል ናይ ቴንዳ መትከሊ ተቐሪጹ ተዓልዩ እዩ ነይሩ። ኑቲ ናቱ ሰሪቖሞ፡ መታን ቀልጢፎም ወዲኦም ክዕወቱ። ሸዑ ንግሆ ርእዩ እንተብልካስ ሽኻል የለ ገለ የሉ። ክዝረብን ክምጓረቐን ጉድ'ዩ ነይሩ፡ “ኣንታ ናበይ ኣቢሎሞ'ታ፡ በንቋሲቶም ትምጻኦ እዞም ታዕሊም ሓደ ሓደ እዋን ኣብቲ ውድድር ናይ ሰልፊ ክንጉብር እንከለና፡ ገለኦን ኣሃዱታት ካብ ሓይሊ፡ በጦሎኒ፡ ብርጌድ፡ ክ/ሰ ተወዳዲረን ተዓዊተን ዝመጻ ኣለዋ። ገለኦን ከኣ ሃንደበት በሎ'ኽ ኢለን ዝመጽኣ ኣለዋ። ምኽንያቱ እቲ ብቐዓት ኩሉ ማዕረ ደዩ ዘሎ ከተረጋግጽ ምእንቲ ሃንደበት ትጉብሮ ውድድርን ምርጫን ኣሎ። ብዓንጋን ብዕጫን እዩም ዝብልዎ ኣብዚ መዓስከር እቶም ተዛረብቲ፣ እታ ብዓንጋ ካብ ታሕቲ እናሰዓረት ዝመጸት ኣሃዱ እያ። እታ ብዕጫ ከኣ እታ ሃንደበት በሎ'ኽ ኢላ እትወጽእ ኣሃዱ እያ። ሕጂ እታ ኣሃዱ ሃንደበት ከይትወጽእ እሞ፡ ጸባሕ ንግሆ ኣሃዱኦም ከየስዕሩ ምእንቲ ብምሸት ሰብ ከይቕሰ እናተቐራረብ ተሓቢኦም ካብተን ኣሃዱታት፣ ዲግ ኢሎም ክዕለሙ የምስዩ። እዚ ሕጂ ንሕና ኣይንድግፎን ኢና። ድኻም ከየስዕቦም ኩሉ ብፕሮግራም ስለ ዝኸይድ ቅቡል ስለ ዝበረ፣ ኣብዚ ምሸታዊ ትምህርቲ ነይሩ እዩ። ዋላ ኣብ ስርሒት በረኻ ወፊሩ እንከሎ ኩሉ ሰብ ምሸት- ምሸት ክንደይ ኪ/ሜ መጺኡ እዩ ዝመሃር ነይሩ። ካብዚ መዓስከር ተማሂሮም ኣብ ኮሌጃት ኣትዮም ትምህርቶም ዝዛዘሙን ዝተዓወቱን ብዙሓት እዮም። እዚ ኣብቲ ቅድም እየ ዘዕልለካ ዘለኹ። ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ግን ምናልባት ምስ ምኽፋት ወራር ወያነ ተሰናኺሉ ጸኒሑ ነይሩ። ሕጂ ግን ብስሩዕ መደብ ተታሒዙ ይኸይድ ኣሎ። ንባዕሉ እቲ ፖሊሲ ናይ ሚ/ሪ ምክልኻል'ውን ብፍላይ ኣብዚ ሕጂ ኣዋን “ሓደ ሰብ ክሳብ 2030 ብውሕዱ ናይ 12 ክፍሊ ክውድእ ኣለዎ” ዝብል ፖሊሲ ናይ ምክልኻል ስለ ዘሎ፡ ነዚ ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ኢና ንፍትን። ብዘተፈላለየ ምኽንያት ምስ ዕብየት ዝረአ ሓደ ሓደ ምቁራጽ እንተ ዘይከውን፣ እቲ ሰውራ ተጠርዩ ዳግማይ ኣብ መዲና መንእሰያት ዝተኸሰከሰ እዩ። ምኽንያቱ እንታይ ይመስለካ፣ ነዛ ሃገር እዚኣ ካብ ዝተፈላለየ ከርናዓት ወፊሩ እዩ ደሙ ከፊሉላ። ካብ ቃሩራ በሎ ረሓይታ፣ እምኒ ሓጀር፣ ኣገማይት ሓረናይት በሎ ብማዕረ እዩ ነዛ ሃገር ወዲቑላ። እቲ ጸባቐ ብዙሕነትና ካብቲ ጽቡቕ ባህላዊ ውርሻታት ህዝብና ዝበገሰ'ኳ እንተኾነ፣ እዚ ብምጉባሪ ኣብ ቃልስን ሳዋን ብዘለዓለ መንፈስ እዩ ተደሪዑን ተኑዲቑን። ኣብ ከባቢናን ዓለምናን ንርእዮ ኣለና ብበዝሒ ብዓሌት ህዝቢ ክከፋፈልን ክናቖዕትን ክቀታተልን ኩዓመን ይውዕል ኣሎ። እዚ ኣብ ኤርትራ ዛንታ ጥራሕ ኩይኑ እዩ ዝተርፍ፣ ኣቦታትና ኣየጽንሕዎን። ብዛዕባ ሓድነት ክንዛረብ እንተ ደኣ ኩይንና፡ ኣብ ኤርትራ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት





እዚኦም” ብምባል ቆርጠሞዋ ትም ኢሉ ንበሎ፣ ሕጂ እቲ ውድድር ኣብ ታዕሊም ጥራይ ዘይኩኑ ኣብ ኩሉ እዩ። ኣብ ማእቶት፣ ቀልጢፍካ ወዲእካ ኣሃዱኻ ዕውትቲ ኩይና ክትስመ እቲ ድሌትን ኒሕን ኣብቶም ኣቦት ካልእ ሃገር እዩ። እዚ'ዩ ከኣ ኣብቶም ተዓለምቲ እናሰረጸ ዝኸይድ። ከም ኣብነት እቶም ተዓለምቲ ኣብ ውድድር ጨሙተ ተኸሲ ዜሮ እንተ ደኣ ምጺኦም፡ “ኣድግመሲ” ኢሎም ዝጠኽዩ ኣለዉ። ምሉእ ሃረሙ ክበሃል እንከሎ፣ ኣብቲ ኣሃዱኡ ዘሎ ጣቐዲትን ምቕትን ናይቲ ውድድር ቀሊል ሃገር ኣይኮነን። እንተ ደኣ ስሒቶም - ዘይሰዓረም፡ ኣሃዱ እንተ ደኣ ዘይሰዓራ ዘሎ ሕርቃን ከኣ ግደፎ። እንተ ደኣ ስዒረም ዘሎ ሓጉስን ሞራልን ከኣ ንበይኑ እዩ። እዚ ውጽኢትን ጻዕርን ናይቶም ኣሰልጠንቶም እዩ። ዝ ከኣ ዓለምቶምን ተዓለምቶምን ብዘለዓለ እናናደፍእዎ እዮም ዝኸዱ። እቲ ተዓላማይ ሲ ምንካስን ኒሕን እዩ ዝሕዝ፣ ዋላ ኣብ ታዕሊም እንተ መጺኦ፡ ገለ ሓይልታት ተሓቢኦም ይዕለሙ እዮም። መታን ጸብለል ኢሎም ካብተን ሓይልታት ክወጽኡን ክረኣዩን።

ኣይከኣለን። ንከታተሎ'ውን ኣና ካብ ፕሮግራም ወጻኢ ስለ ዝኾነ፣ ብሓፈሻ ግን ሓይሎም ንኸይሰዕር ዘኩይድዎ ቅዱስ ባህግታት እዩ። እንተኾነ ከምዚ ዝበልኩኻ እዩ። ኣብቶም ተዓለምቲ ዘሎ ስምዒት ዘኹርዕ እዩ። ኣብ ተኸሲ እንተስሒቶም “ጥይት ግድን ህበኒ” ኢልካ ወጠጥ ይኸውን፣ እቲ ድሌትን ስምዒትን ውድድራት ናይዞም መንእሰያት መዐየሪ የብሉን። እቲ ውድድር ድማ ኑቲ ስልጠና ካብቲ ንቕድሚት ዝደፍእ ሓይሊ እዩ። እቶም ዓለምትን ተዓለምትን ኣብዚ ዘለዎም ኣጠማምታ እወታዊ እዩ። ክትሰዕር ጥራሕ ምድላይ። እምበር ኩለን ኣሃዱታትኮ ሓያላትን ብሉጻትን እየን። ስለዚ ኣብ ኩሉ መዳይ ኣብዚ መዓስከር ዝካሳል ውድድራት ምስጢር ዓወት ናይቲ ወተሃደራዊ ስልጠና እዩ ክብለካ እኽእል። ስለ'ዚ እዚ ናብኣቶም ዝቐንዐ ዝግበር ውድድራት ንደረጃ ኣተሓሳስቦኦምን ብቕዓቶምን፣ ሃገራዊ ንቕሓቶምን ዘውክል እዩ። ብሓፈሻ ባህሎም ንምብራኽ ዝግበር ንጥፈታት ብዙሕ እዩ።

**- ትምህርቶም ዝዛዘሙ ኣለይቲ (ዓለምቲ) ዕድል ናይ ትምህርቲ ኣብዚ መዓስከር ተኸፊቱሎም ኣሎ'ሞ፣ ብዛዕባ'ዚ እንተ ተዕልለልና፤**

እዚ ምስ ምምስራት መዓስከር ዝተኣታተወ መደብ እዩ። ምኽንያቱ ድሕሪ ናጽነት እቲ ተጋዳላይ ብበደሊ ገይሩ መጺኡ፣ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ መሊኡ እዩ ነይሩ። እቲ ህንጥዩነትን ባህግን ናይ ትምህርቲ



ትምህርቲ ብኣገባብን ስሩዕን እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብዚ መዓስከር ብዙሓት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ኣለዉ። እዚ ድሒሩ ኣብዚ መዓስከር ዝምደብ ዘሎ ሰብ 12 ክፍሊ ወዲኡ ዝመጽእ ዘሎ እዩ። እቶም ካልኦት ግን ኣብዚኣ ትምህርቲ ጀሚሮም፡ ማትሪክ ተፈቲኖም ናብ ኮሌጃትና ዝሓለፉ ኣለዉና። እቶም ዘይሓለፉ ድማ 12 ክፍሊ ወዲኦም ናብ ስራሖም ዝተመልሱ ኣለዉ። ኣዘዙቲ በጦሎኒታት፣ በራጊድ በሎም መራሕቲ ክፍለ ሰራዊት ምስ ተመሃሮ ዋርሳይ ይከኣሎ ድቪዝኦም ተኸዲኖም እዮም ዝመሃሩ። ምስ ደቆምን ኣሕዋቶምን እናተሓጋገዙ እዮም ዝመሃሩ። ጽቡቕ ውጽኢት ከኣ ደርኪቦ ኣሎ።

**- ኤርትራ ሓይላ ኣብ ሰባ ኣብ ብዙሕነታን እዩ ዝበሃል'ሞ፡ ከመይ ማለት እዩ፤**

እቲ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት ኣብ

ግን ዓቢ ኣርኣያትን ታሪኽን እዩ። እዚ ኣልዒልናዮ ዘለና እትገልጽ ኣብታ “ሳዋ” እትብል ናይ ኣወል ሰዒድ ግጥሚ ደስ ዝብለኒ ሃገሕታት ኣለዋ። እዚ ኣልዒልናዮ ዘለና እትድርዕ እያ። “ኣብ ማእከል ባርዕ ጣንዔራ ዝተኸለ፣ ስሞም ተሓቲቶም ኤርትራዊ ዝበሉ፣ ዓለም ሎሚ ትፍለጥ ካብዚ እዮም ዝቐሉ” እያ ትብል። ሓደ ኤርትራዊ ብዛዕባ ኤርትራ ጥራይ እዩ ዝሓስብ፡ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ዝጸንሐ ባህሊ፣ ደሓር ኣብቲ ገድሊ ዝተጠረየ ተመክሮ ሳዋ ከኣ መሊሳ ኸሊዓቶ። ስለዚ ኤርትራ ሓይላን ብልጫኣን ኣብ ሰብ እዩ። መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከኣ ነዚ ጽቡቕ ገይሩ እዩ ነዲቑዎ። ኤርትራ ብሓድነታን ጥምረታን ዝኾርዐት ሃገር እያ። እዚ ንሓዋሩ ዝቐጽልን ዝድራዕን ደኣምበር ዝሽርሸፍ እዩ ኢልካ ክትሓስብ ሕልሚ ጥራሕ እዩ። ምኽንያቱ ናይዚ ረቂቕ ሓይሊ ድማ ሳዋ እዩ።

ይቕጽል



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Engineering Procurement and Construction (EPC) Superintendent**

**Department: Underground Mining**
**Section: Harena Underground**
**Number required: One (01)**

**PRIMARY PURPOSE**

- Driving project execution
- Coordinating engineering, procurement, and construction activities
- Managing schedules, interfaces, and priorities
- Holding contractors and consultants accountable for commitments

**MAIN FUNCTIONS**

- Ensure all matters related to the underground structures of the project are managed efficiently, adhere to the planned resource, timeline, and budget.
- Prepare daily, weekly and construction updates for review.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Safety**

- Ensure personnel are adequately inducted in their work area and are aware of all Bisha Mining Share company policies and procedures.
- Actively contribute to safety policy and new initiatives and implement change as directed by the Underground Manager and management team.

**Environment**

- Adhering to environmental procedures to ensure good housekeeping, resource conservation, spill prevention and the appropriate disposal of wastes.

**Employee Development**

- Provide training and coaching to all national team members.
- Ensure all members of the team have clearly defined accountabilities, roles and individual development plans. Provide feedback on performance and conduct formal performance reviews.

**Planning and Scheduling**

- Develop strategy for achieving the agreed delivery dates/ targets of the construction phase and review progress against the plan.
- On a monthly basis account for construction plan variations and reforecast against the construction schedule.

**Execution Coordination**

- Acts as the Owner's designated execution authority on site.
- Drive day-to-day execution across engineering, procurement, and construction activities

**Project Management**

- Manages the integrated EPC delivery effort across all active workstreams.
- Coordinate between the client technical team, Chinese EPC organizations, shaft sinking contractors, lateral development contractors, engineering consultants, and vendors

**Financial**

- Review expenditure monthly and ensure all variances to budget are investigated and explained.
- Identify specific areas for cost improvement and ensure the development and implementation of action plans to achieve these gains.
- Provide input for area of responsibility, during preparation of annual departmental budget.

**Reporting**

- Produces concise, structured EPC updates for all reporting levels.
- Prepare weekly and periodic EPC progress updates

**Advisory Services**

- Provides execution-based advisory input to the project management team.
- Advise on contractor performance, sequencing risks, and delivery strategy options.
- Support decision-making on EPC execution priorities during major execution phases.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Lead communication and coordination with Chinese contractors, suppliers, and engineering groups
- Support cultural and language alignment with Chinese stakeholders
- Maintain contractor relationships and assist with field coordination

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Tertiary Qualifications in Civil/Mechanical Engineering, Underground Engineering or a related discipline.<br>• Certificate IV Business (Frontline Management) desired but not essential<br>• Certificate in Project Management (PMP, Prince2 APM)<br>• Knowledge of project management and continuous improvement tools and systems. | • Knowledge of project management and continuous improvement tools and systems.<br>• Demonstrated success as an effective leader in a customer focussed environment.<br>• Experience in managing costs and budgeting.<br>• Demonstrated application of continuous improvement ideas.<br>• At least 15 years' relevant experience as Project Manager<br>• Strong EPC or EPCM execution background in mining, shafts, underground development, or heavy industrial projects<br>• Demonstrated ability to operate as an Owner's representative with direct contractor authority<br>• Proven ability to drive contractors and engineering groups to deliver against schedule and cost commitments<br>• Field execution mentality — proactive and organized<br>• Comfortable working in remote international project environments<br>• Strong coordination and communication skills<br>• Experience working with Chinese contractors or international EPC teams is highly preferred<br>• Mandarin language skills are not required<br>• Must be comfortable working closely with a Chinese EPC Superintendent and Chinese contractor groups. |

CONTINUED TO PAGE 7

ብስም ኣማኑኤል ወልዱ በርሀ ብቁ.ፍ.ዋ.ፈን ASL00026459 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ ሰግዶ ቁ.ገዛ- ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣስመረት ሃብተ ቦኽረጺዮን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ ሰግዶ ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሓዞ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣማኑኤል ወልዱ በርሀ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 6

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Experience in the use of the maintenance module of a computerised integrated management system.<br>• Competent in the use of MS Project .<br>• Good skills in spreadsheet and presentation applications, word processing and database applications.<br>• Strong customer service focus.<br>• Provides clear and supportive leadership to team.<br>• Able to diagnose problems and potential problems.<br>• Able to think outside the square and come up with an alternative.<br>• Thinks ahead and thinks tasks through before commencing or directing them.<br>• Sees how various tasks fit together.<br>• Maintains or enhances others' self-esteem. | • Communication (Chinese/ English speaking)<br>• Ability to communicate effectively across all levels.<br>• Strong report writing and presentation skills |

1. **General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መብራት ሓጎስ እድሪስ፡ ኣደይ ሓዳስ ጉብረመድህን ስለ ዝዃረፈ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ሙኻና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ38ይቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኳላ

መጻኢሂወት ደብሳይ ጺጋይ ፃማል ተሪፉ ስምኦን ደብሳይ ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ጸየን ሱራፌኤል ብድሆ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለየሱስ መርእድ ጀንጀር ስለ ዝተሰውአ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ሙኻና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቅረብ።

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማ/ከተማ ፕሎት 34 ፓርስል R ቊፓርሰል ዞን ASP00016713 ዚፕ ኮድ 1A138 ጎደና ኣቐርደት ዝርከብ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ 1፡ 006257/1 ብስም ዘይነብ መሓመድ ኣብራን ዘቤድ መሓመድ ኣብራን ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ፡ ናብ ስምና ክመሓለልና ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና ንሕብር።

ዓብዱ መሓመድ ዓብደረሺድ
መርድያ መሓመድ ዓብደረሺድ
ሙሕየዲን መሓመድ ዓብደረሺድ

---

ኣነ ኣመልካቲ ኣቶ ሃብቱ ገብረኣምላኽ ወልደሚካኤል+1 ካብ ኣቶ ሃብተኣብ የማን ተዓደል ዝዓደግክዎ ገዛ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ ዚፕ ኮድ 1A714 ፕሎት 100፡ ፓርሰል 211 ቁ.ገዛ 73 ስፍሓት መሬት 453.94 ት.ሜትሮ ተደኲኑ ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቁ.ውዕል 1፡531 ዝተመዝገበ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና ንሕብር።

ኣቶ ሃብቱ ገብረኣምላኽ ወልደሚካኤል+1
ወኪል ኣቶ ክብሮም ገብረኣምላኽ ወልደሚካኤል

---

ብስም ፋጥማ ዓሊ ሳልሕ፡ ኣብ ምም/ ንእስ ዞባ ገዛ ባንዳ ፕሎት 13 ፓርሰል L ስፍሓት 500 ት/ሜ ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት ካዳስተር 1፡004418 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ ስለ ዝሸጥኩ፡ ናብ ስም ዓደግቲ 1. ወ/ሮ ሳሮን በረኸት ተወልደ 2. ወ/ሮ ፊሸን የማን ሄረኣብ 3. ኣቶ ተስፋማርያም ዓንደ ሃብተም ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምኳንና ንሕብር።

ፋጥማ ዓሊ ሳልሕ

---

ብስም እስጢፋኖስ ንጉሰ ሓጎስ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋጊን KEL00009901 ዝፍሉ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ዓዲ ተከሌዛን ጎደና – ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ሆቴል (JIO) ትካለይ፡ ንኣቶ ማሪቆስ ቀሺ በርሀ፡ ኣድራሻ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ዓዲ ተከሌዛን ጎደና– ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 01/01/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

እስጢፋኖስ ንጉሰ ሓጎስ

---

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that EGYPTAIR AIRLINES, by Virtue of the Decree of the Head of the General Assembly of the Republic of Egypt No.3 for the year 2024, through the Chairman of Board of Directors of EGYPTAIR Airlines, Pilot/ MOHAMED RAAFAT IBRAHIM ELYAN hereby declare the confirmation of the appointment of Mr. MOHAMED AHMED HASAN AHMED as EGYPTAIR Office Manager in Asmara, by replacing Mr. OSSAMA RADWAN.

**EGYPTAIR AIRLINES**

## ካብ መጻሕፍቲ

# ቪላ ዘግዱር

<u>ምንጪ፡ መጽሓፍ ‘ደማዊ ዘመን’ ተስፋዬ ገብርኣብ</u>

ኣቡኒ መናፈሻ ሓያሎ ኢጣልያውያን ቱሪስት ጸሓይ ንግሆ እናማሞቑን ብየውታ እናዕለሉን ይቐርሱ ነበሩ። ምናልባት ብዛዓ ኣብ ዘንቀሳቐስ ጥንታዊ ባቡር ተሳፊሮም ካብ ኣስመራ ክሳብ ኣፋሲት ክሽረሽሩ ደልዮም ዝተኣኻኸቡ ይኾኑ።

ከሉ ሰድያታት ብሰብ ስለ ዝተተሓዘ በታ ሓደ መኣዝን ከይደ ምስ ኣቶ ዘግዱር ኣብ ሓንቲ ጣውላ ኮፍ ክበል ዕድል ረኺበ። ዝ ዕድል'ዚ ክረኽብ ነዊሕ እዋን'የ ተጸቢየ። እንተኾነ ግና፡ ድሕሪ ሰላምታ ምልውዋጥና፡ ኣቶ ዘግዱር ነቲ ነዋሕቲ ኣብራኹ ከም ኣብርሃም ሊንከን ናብ ትሕቲ ጣውላ ዘርጊሑ፡ ገጹ ብጋዜጣ ጋሪዱ ከንብብ ጀመረ። ኣነውን ነታ ኣብ ኢደይ ዝቖጸርት መጽሓፍ ገጸለ ደገኽ።

ኣቶ ዘግዱር ብግምት ኣብ መፋርቕ ሰማንያታት'ዩ ዝርከብ።

ኳዕ! ዝበለ ቀደሐ ቀርበት ኣለዎ። ዋላ'ኳ እርጋን እንተሰዓሮ ኣሎብቡሳኡ ከሉሳዕ ፍኻለ! እዩ። ኣመሉ ሓንትን ዘይትቐየርን እያ። ከሉ መዓልቲ ንግሆ ንግሆ፡ ነታ ሞዴል መዘዞብሲላ ዝዓይነታ ሚሉቸንቶ መኪናኡ ኣብ ኣፈፌት ናይቲ ሆቴል ኣቐሙ፡ ብጽጋሃይ ኢዱ ጋዜጣ ሒዙ ብህድኣት እናሰጎመ ናብታ ዘለመዳ መንበር ይኸይድ። ኮፍ ምስ በለ ባርኔጣኡ ኣውጺኡ ኣብ ጣውላ የቐምጣ'ሞ፡ ነታ ጸሊም መጸር ዓይኑ ኣብ ልዕሊ ባርኔጣኡ ኮፍ የብላ።

ዚ ሰብ'ዚ ክሳለዩ ዘገደዲ ምኽንያት፡ ካብዩም “ታሪኽ ዝፈልጡ ሰባት” ኣለ ኣብ መዝገበይ ዘስፈርኩዎም ብቑጸፃምት ዝስረዕ ሰብ ስለ ዝነበረ እዩ።

ሽዑ ንግሆ ቁሩብ ኣዕለልና። ጠበይ ኢጣልያውያን ካብ ካልኦት ኤውሮጳውያን ዝተፈለየ ከም ዝኾነ የዕልለኒ ነበረ። “ኢጣልያውያን ናይ ኣውሮጳ ኣፍሪቃውያን እዮም” እናበለ ዘለናም።

ከምዚ ዝበለ ርእይቶ ክህብ ዝኸኣለ ‘ኢጣልያውያን ክዛረቡ ከለዉ ደምጾም ከም ዘይምጥኑ ተዓዚቡ ይኸውን’ ዝብል ግምት ኣሕደርኩ’ሞ፡ “ኤርትራውያን ካብ ኢጣልያውያን ዝወረሱዎ ባህሊ ይህሉ’ዶ ይኸውን?” እናበልኩ ከም ዋዛ ሓተትክዎ።

“ሓደት'ሲ ኣይሰኣንን እዩ።” መለሰለይ።

“እንታይ?”

ዘግዱር፡ “ጸጉዕ ባህሊ ሰራሕን ዝተጋዘ ንጽህናን” በለ'ሞ፡ ቀጺሉ “. . . ኣደታት ኤርትራ ባዴላ ኩሓጻባ ከለዋ ብምሐር ሰልኪ ምፍትሓሕ መዓኑ ደብሰዕ። ኣብ ገጠር ደቀንስተዮ ከም ኣዕዋፍ ኣብ ውሓዚ ኣትየን ጨብረቐረቕ ምባል ይፈትዋ። እንተተሃዊኸን ከኣ ርእሰንን እግረንን ኣሕብረን ይሕጸባ። ክዳውንተን ብምሕጻብ እዩ ዝኣርጉ። ሓደሽ ክዳን ንዘተኸደነት፡ ‘ሓጺብኪ ኣብልየዮ!’ ኢለን'የን ዝምርቓ። ክዳን ብምሕጻብ እንተበልዩ ከም በረኸት'ዩ ዝቖጽራ። እቲ ኤርትራውያን ዘማዕበሉዎ ፍቕሪ ቴክኒክ'ውን ብቐጥታ ምስ ጣልያን ምትሕሓዝ ኣለዎ” እናበለ ኣዕለለ።

“ካብ ኢጣልያውያን ዝተመሃሩዎ ሕማቕ'ከ?”

“ኣብ ዘረባ ዓው! ዓው! ምባል፡ ብዘጠቅምን ዘይጠቅምን ግንፍል! ምባል፡ ምሕሻሽ ከኣ” በለ። ቀጺሉ “. . . ጣልያን ሸርሙጥናኛውን ሒዞም መጺኦም እዮም። እንተኾነ ግና፡ እቲ ህዝቢ ኣይተቐበሎምን። ጣልያን ንደግያት ባህታ ሓጎስ ‘ሸርሙጥና ዝኾና መልከዐኛታት ጉራዙ ኣዳልወልና’ ምስ በሉዎም፡ በዚ ዝተቖጥዑ ደግያት ባህታ ሓጎስ ኣብ ልዕሊ ጣልያን ኣፍጢም ከልዕሉ ተገዲዶም። ዚ ታሪኽ'ዚ'ኸ ትፈልጦ'ዶ ነይርካ?” እናበለ ጠመተኒ።

ኣነ ከኣ ነታ ሕቶ ከም ዘይሰማዕኩዋ ብምግሳይ “ኢጣልያውያን'ከ ብወገኖም ካብ ኤርትራውያን እንታይ ተማሂሮም ትብል?” ኢለ ሓተትክዎ።

ኣቶ ዘግዱር ፍሽኽ እናበለ “ጣልያን ኣብ ሊብያ፡ ሶማልያን ኢትዮጵያን ዘየደዱ ወግእ ንኤርትራውያን ሒዞ እዮ ተዓዊታትሉ” በለ።

ቁሩብ ዘገየና ኮይኑ ተሰምዓ። ብፍላይ ከኣ ኑየም ኣንጻር ሸኽ ዐመር ሙኽታር ኣብ ሊብያ ዝተዋግኡ ኤርትራውያን ኣመልኪቱ “ኤርትራውያን፡ ነቲ ሸኽ ዐመር ሙኽታር ተዓቒቡ ወግእ ዝመርሓሉ ዝበረ እምባ፡ ክኣምን ብዘይክእል ደፍረት፡ ኣብ ህልም ዝበለ ገደል ከም ኣህባይ እናተንጠልጠሉን እናሓኾሩን ንሓለውቲ ዐመር ሙኽታር ቀቲሎም፡ ንኡ ማሪኾም ንጣልያን ኣረኪቦም” በለ'ሞ፡ ኣሰዒቡ ከኣ “. . . ሰድ ናይዩም ንሸኽ ዐመር ሙኽታር ዝማረኹዎ ኤርትራውያን ኣብ ሮማ ኣለዉ። ጣልያን ወግእ ካብና ካብ ኤርትራውያን ተለቂሖም ኣማዕቢሎሞ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ካብ ጸለም ህዝቢ ከም ዝተመሃሩዎ ግና ብፍጹም ክኣምኑ ኣይደልዩን እዮም። እዚ ክብል ከለኹ ግና ንክእለት ኢጣልያውያን ከሕኣእስ ደልየ ኣይኮንኩን።” እናበለ ኣረድኣኒ።

ቀጺሉ ኤርትራውያን በቲ ኣብ ሊብያ ዝፈጸሙዎ ጅግንነት፡ ከም ወተሃደራት ዝደነቑ'ኳ እንተኾኑ፡ ብዘፈጸሙዎ ተግባር ግና ናእዳ ከም ዘይግብኦም ንምግላጽ፡ ‘ኤርትራውያን ኣብ ሓደ እዋን መርሒ መግዛእታዊ ሓይሊ ተቓዊሮም ነይሮም'ዮም፡’ እናበለ ሚዛናዊ ዝኾነ ርእይቶ ኣሰምዓ።

ቀጺሉ ብዛዕባ ጸቡቕ ባህሊ ኤርትራውያን ኣልዓለ፣ ፈለማ ንእምነት ጠቐሰ። ንዝተዛረቡዎ ቃል እሙን ምዃን ዝጸንሐ ባህሊ ኤርትራውያን ምዃኑ እናስዐቐ፡ “ናትና ኤርትራውያን ኣብ ቃልካ እሙን ምዃን ካብ ምሓር ምጽንዑ ናብ ግርህና ዝተቐየረ ይመስል” በለ። ቀጺሉ፣ ትዕቢት፡ ልመና፡ ሓሶትን ስርቅን ንኤርትራውያን ጽያፍ! ምዃኑ ኣትሪሩ ማሰከረ። ቀጺሉ ብዛዕባ ባህሊ ኣመጋግባ ኤርትራውያን ኣልዓለ፣ “ብዙሕ ምብላዕ ዝምዕበል ልማድ'ዩ እምበር፡ ወዲ-ሰብ ኣብ መዓልቲ ሓደት ኮሳ እንተበልዐ እኹል እዩ” እናበለ ሰፊሕ ዝበለ መብርሂ ኣቕረበለይ።

“ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ'ኸ እንታይ ከሰቡ?” ኢለ ሓተትክዎ።

“ንትምህርቲ ዝኸውን ግዜ ኣብዩ ተረኺቡ ኣልቦዩ” እናበለ ሰሓቐ'ሞ፡ “. . . ምስ ኢትዮጵያውያን ሓንቲ መዓልቲ ካብ ውግእ ከየዕረፍና ኢና ተፈላሊና። ኣብ ጉዳይ ፖለቲካ መጺእካ ግና ዓያሹ ከም ዝበርና ጃንሆይ ኣፍሊጦምና እዮም። ንሕና ከኣ ግርህነት ዕሽነት ከም ዝኾነ ብህይወት ከለዉ ኣርኢናዮም። ጉዳይ ኤርትራ ማዕከን መርዝን ኮይኑዎም። እቶም ሰልጣናም ዝመንዝዑዎም ከኣ ጃንሆይ ዝጀመሩዋ መገዲ ስለ ዝመረጹ መጥፍኢቶም ኮይና።”

ምስዚ ኣረጊት ሰብኣይ ግርም ተረዳዲእና።

ንጽባሒቱ ንኢክስፖ ሆቴል ከይደ። ዘግዱር ቀዲሙ ኣብታ ቦታኡ ኮፍ ኢሉ ጸኒሑኒ። ኣብቲ ሆቴል ብዙሕ ሰብ ኣይነበረን። ሓያለይ ሰብ ዘይብሮ መናብር ነበራ። ኣነ ግና ብቐጥታ ናብታ ዘግዱር ዝበራ ጣውላ ከይደ ሰሓብ ምስኡ ኮፍ በልኩ። ካብቲ ናይ ቀደማኡ መዓልቲ ዝበልጽ ወግዒ ኣውጋዕና። ናብቲ ዘንበጦ ዝበረ እናመልከተ፡ “ዚ ኣንቢብካዮ'ዶ?” እናበለ ነታ ጋዜጣ ኣቐበለኒ።

(ባሕቲ ሕዳር 2019 ዝተሓተመት ጋዜጣ እያ። - ጆይ ሆድ፡ ማቴው ኤ በተር፡ ሊዛ ደሽሰን ጆይ ዚመርማንን ዝተባህሉ ሰባት ዝርከቡዎም ሽወዓት ሰብ ስልጣን ሲ.ኣይ.ኤ፡ “ንመንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሓጺር እዋን ምውጋድ” ብዝብል ኣጀንዳ ብ4 ሰነ 2011 ኣብ ከተማ ናይሮቢ ኬንያ ተጋቢኦም ንዝጠጀኡዎ ተኽሊ'ዩ ዝትርኽ እቲ ጽሑፍ።)

ኣቡኒ ኣኼቡ መሓመድ ቃዛፌ ካብ ስልጣን ዝተወገደሉ ኣገባብ ከም ተመኩሮ ኣልዒሉም ዘተዩሉ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንምልዋጥ ኣውሮጳውያን ክተሓጋገዙዎም ከም ዝኽእሉ ኣብ ናይ ሓባር ምርድዳእ በጺሑ። ኤውሮጳውያን ኣብ ኤርትራ ስርዓት ክልወጥ ዝተሓጋገዙሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ ነተን ዝተዓጸዋኦም ‘ማሕበራት ግብረሰናይ ዳግማይ ክኸፍተለን ስለዝደልዩ እዮም።’ እናበለ እቲ ጽሑፍ ይትርኽ።

ኣብ ኣኼባኦም፡ ‘ካብ ወሽጢ ኤርትራ ብዝለዓለ ተቓውሞ መንግስቲ ኤርትራ ክውገድ እዩ፣ ኣልካ ምጽባይ ዕሽነት እዩ፣’ ኣብ ዝብል መደምደምታ በጺሖ'ሞ፡ ለውጢ ብደፍኢት ግዳማዊ ሓይሊ ክመጽእ ከም ዘለዎ ተረዳዲኦም። ዚ ለውጢ'ዚ ከምጽእ ዝኽእል ድማ፡ ብዚያዳ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጥራሕ ምዃኑ ኣመተ። መንግስቲ ኤርትራ ንምውጋድ ኣብ ዝግበር ተልእኾ ክሰተፍ ቅሩብ ከም ዝኾነ እውን ኣረጋገጸ።

ኣብ ኣኼባኦም፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ጸገው ዘሎ እገዳ ብምጽንካር፡ ህዝቢ ንኣድማ ከም ዝለዓል ትግበር'ሞ፡ ብኡ ኣመኽኒኻ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ ከም ዝኣቱ ትግበር ዝብል ሓሳብ ተዘራሪበሉ። ብቤት-ናጽነት (Freedom House) ዝተባህለ ማሕበር ‘ግብረሰናይ’ ኣብልካ ዝፋደድ ወግእ ሱሉሳ ልቦና’ውን እንታይ ክመስል ከም ዘለዎ ዘተዩሉ። ብመገዲ ላዕለዋይ ኮሚሽን ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ኣብልካ ኩሉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ መላእ ዓለም ዐቕባ ከም ዝረኽቡ ምግባር፡ ኣቦ መንበር እገዳ ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣምባሳደር ክሌውደ ሄለር፡ ኤርትራ ምስ ኣይሲስ (ISIS) ዝተባህለ ጥሩፍ ጉጅለ ርክብ ከም ዘለዋ ዝሕብር ሰነድ ኣዳልዩ ክሲ ከም ዝምስርት ብዛዕባ ምግባር እውን ተመያየጡ።

እታ ጋዜጣ ኣብ ጸብጻባ “ሲ.ኣይ.ኣይ፡ ንሞሳድ ተባሂሉ ዝጸዋዕ ስለያዊ ትካል እስራኤል ኣብዚ ሰራሕ'ዚ ከም ዝስተፍ ብምግባር፡ ሞሳድ፡ ‘ካብ ኢራን ዝቐለ ኣጸዋር ኣብ ኤርትራ ይራገፍ፣ ካብ ኤርትራ ከኣ ብሱዳን ግብጺ በረኻታት ሲና ኣቢሉ ናብ ጋዛ ፍልስጤማውያን ይኣቱ ኣሎ’ ዝብል ሓበሬታ ብመገዲ ዓለምለኻውያን መራኸቢ ብዙሓን ከም ዝዝርግሕ ገይሩ፣ ስም መንግስቲ ኤርትራ ምጽላም።” ዝብል ትሕዝቶ እውን ኣስፈራ ነበረት።

ኣንበበ ምስወዳእኩ ነታ ጋዜጣ መለስኩሉ።

“ሰማዚን'ዶ፡ ኤርትራ ክሳብ ክንደ'ዚ ተረራ ምስ ሓያላን ሃገራት ምትህልላኽ የዋጽኣ'ዶ ይኸውን?” እናበልኩ ርእይቶ ሓዘል ሕቶ ኣቕረብኩሉ።

ዘግዱር፡ “እቲ ጸገም ኤርትራ ኣብ መትከል ስለ ዝጸንዐት ዘይተኣትከ ምዕራባውያን ኣብዚ ከቢ ዝኽደመሉን ስለዝደለየ ጥራሕ እዩ። ትእዛዞተን ደረት የብሉን። ሓንሳብ ‘እሺ!’ እንተደኣ ኢልካየን መሊሰን ካልእ ካብኡ ዝኸበደ ትእዛዝ ይድገማኻ። ንኣብነት፡ ‘ዳህላክ ን99 ዓመታት ኣካርየና፣’ እንተ ኢለናኻ እንታይ ትገብር፣ ‘ሕራይ’ እንተበልካ ሓደጋ። ‘ኣይፋል’ እንተበልካ ሓደጋ። ካብ ክልቲኡ ተመሳሳሊ ሓደጋታት፡ ንማኻ ኣየናይ ሓደጋ ከም ዘዋጽኣካ ምፍላጥ ብልሒ ይሓትት። ኬንያ ትሓልፎ ዘላ መከራ ርኤ። ሓረምዛ መጺኦም ኣብ መሬታ ኮፍ ኢሎም። መን ደፊሩ ወጺእልና ኢሉም ይፈልጥ፣ ምድሪ፣ ባሕሪን ኣየራን በዞን ሓያላን ሃገራት እዩ ዝዕብለል ዘሎ። ጅቡቲ'ኸ እንታይ እያ፣ ሃገር'ዶ ዋላስ ወተሃደራዊት መዓስከር?”

“እሞ፡ ‘እዚ ኤርትራ ሒዛቶ ዘላ መርገጺ የዋጽኣ እዩ’ ዲኻ ትብለኒ ዘለኻ?”

“ኣይ! ኣረጋግጸ ኣይፈልጥኩን። እንተኾነ ግና ዋጋ ከም ዘኽፍለና ደርድኣኒ እዩ። ጸለምቲ ስለ ዝኾንና ከይማዕበና፡ ኣርወይ ኑዲ ምስረኽቡ ኣዳ ጓዕጸጻም ክዘሙቱዋ ኣእጉሞም ነይሮም። ኣርወይ ግና፡ ኣሰናና ነኺሳ! ንጸቕጢ ኣመሪካውያን በልየዝራት ስለ ዝሰገረት፡ ኣብዚ ሕጂ ትርኢያ ዘለኻ ደረጃ በጺሓ። ንማኻ ‘ሰብኣዊ-መሰላት’ ይብሉኻ፡ ንሳቶም ዝፍጽሙዎ ግና ብኣንጻር እቲ ንማኻ ዝብሉኻ እዩ።”

“ምስ ኩሉ ሾግራታ ቻይና ዶኾን ትሓይሽ ትኸውን?” ሓተትክዎ።

“በጃኻ! ወጮ እንተገልበጥካዮ ወጮ እዩ።”

ኣብ መንነ ወግዕና ኣሰሙት ሓድሕድና ተኻገርና።

“ዘግዱር እንታይ ማለት እዩ?” ኢለ ተወከስኩዎ።

ዘግዱር እናሰሓቐ፡ “ኣብ ህይወተይ ዝተፋለጡኒ ሰባት ኩሎም፡ ‘ዘግዱር እንታይ ማለት'ዩ?’ እናበሉ ሓቲቶምኒ እዮም። ኣነ ከኣ ኣረጋግጸ ንዘይፈልጦኩዎ ታሪኽ ተገሀ ከረድኦም ፈቲኑ። ኣቦይ ነዚ ስም እዚ ኣ ክህቢ እንቱሎ በዓሉኒ እዩ።” ኢሉ እናጨረቐ ትርጉም ስሙ ከምዚ እናበለ ነገረኒ፦

“ኣነ ኣብ ሎሚ ጌጃረት ተባሂሉ ዝጸዋዕ ዘሎ ዞና ኣስመራ እየ ተወሊደ። ስመይ ድማ ምስ ሰምዚ ዝተወለድኩሉ ግዘውቲ ምትሕሓዝ ኣለዎ። ኣቦይ መጽሓፍቲ ታሪኽ ምንባብ ይፈቱ ስለ ዝነበሩ ኣብ ገሉ-ገለ ጥንታውያን መጻሕፍቲ ‘ገደረት’ ወይ ‘ዘግዱር’ ዝተባህለ ንጉስ ሓበሻ ዝ ከበሩና ይገበሉ ነበሩ። ካብ ኣዱሊስ ብታሪኺ ስበሩ ክሳብ የመን ከም ዝገዝኣ ዝበልጸ ታሪኽ ኣሎ። ኣብ ሰልዲ'ውን ኣሰሙት ተጻሒፉ ተረኺቡ'ዩ። ኣብ መንነ ‘ገደረት’ን ‘ገጃረት’ን ዘሎ ዝምድና ግና ከረጋግጽ ኣይከኣልኩን። ኣቡጋሲፖሪ ብዛዕባ ንጉስ ዘግዱር ዝጸሓፉዎ ኣሎ። እንተኾነ ግና ምንጪ ኣይጠቐሱን። ክጽሕፉ ከለዉ'ውን ኣጻሒሕፉ ታሪክ ኣይተኸተሉን። ንንጉስ ኢትዮጵያ ከሐገሱ ኣሎም ዝውሳሽሉ መማቕርቲ'ውን ኣለዉ። ኣቦይ ዚ ትንተና'ዚ ስለ ዝኣመኖ እዩ ምስተወለድኩ ‘ዘግዱር’ ኢሉ ሰምዩኒ። ኣነ ከኣ ካብ ናይ ኣቦይ ጌጋ ተማሂረ ንደቀይ ልሙድ ኣስማት፡ ማለት “ኣማኑ ማርታ፡ የሲፍ፡ ኢልባ” ኢለ ሰሚኹዎም።

“ኣርባዕተ ውሉዳት ኣለዉኻ?”

ዘግዱር ክምስ! እናበለ፡ “ነይሮም እዮም ሰለስተ ኣብ ገድሊ ተሰዊኦም።” በለ።

ኣብ ኤርትራ ከምዚ ዝበለ ዘረባ ምስማዕ ልሙድ ስለዝኾነ ኣይትሰንብድን ኢኻ። ዘግዱር'ውን ሰለስተ ደቀይ ኣብ ገድሊ ተሰዊኦም ክበለኒ ከሉ፡ ካብዩ ዝጸበዮ መንፈስ ምጽንናዕ የለን። ምኽንያቱ ካብኡ ዝኸፍአ ‘ሽድሽተ ውሉዳት ነይሮምኒ፡ ኩሎም ኣብ ገድሊ ተሰዊኦም’ ዝበለካ ሰብ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ኣቡኒ ናጽነት ንምምጻእ ዝተኻየደ ገድሊ ክልተ ወይ ሰለስተ ውሉዳቱ ዘይተሰውኡዎ ስድራቤት ዳርጋ ኣይትረኽብን ኢኻ። ኤርትራውያን ኣብ ዕላሎም፡ “ዋጋ ናጽነት ክቡር እዩ” ክብሉ ግድን እዩ።

ዘግዱር፡ “ማርታ ኣብ ውግእ ባጽዕ ተሰዊኣ። ኣማን ፈዳኢን ጅብሃ የሲፍ ከኣ ፈዳኢን ሻዕብያ ነይሮም። ክልቲኦም ነዊሕ ኣይጸንሑን። ንክልቲኦም ኣብ ነንበይኑ መዓልታት ፖሊስ ምስ ከበቦም ኣማን ቦምባኡ ፈንጂሩ፡ የሲፍ ከኣ ሳይናይድ ዝተባህለ መርዚ ሰትዩ ተሰዊኦም። እናሰቆርቆረ ዕላሉ ቀጸለ።

“. . . ኩናት ሓድሕድ ጀብሃን ሻዕብያን ኣብቲ እዋን'ቲ ወላዲ ኳንካ ክትጻወሮ ዘይትኽእል ቃዛ እዩ ዝፈጥር ነይሩ። ክልቲኦም ደቀይ፡ ኣብ ክልተኣተን ውድባት ኮይኖም ሓድሕድ ክዋግኡ ምርኣይ ፈጺምካ ዘይጽወር ስለዝኾነ፤ ካብኡ ንክልተኣን ውድባት ከተዓርቑ ዝጽዑ ዝበሩ ሰባት ሓደ እየ ነይረ። ስለስልጣን ጸጥታ ኢትዮጵያ ነዚ ሰሚዖም ንኽልተ ዓመታት ኣብ ሰምበል ኣሰሮሙኒ። ኣነ ሓሚመ ንሕክምና ምስ ከደኩ ጅብሃ መጺኦም ነቲ ቤት-ማእሰርቲ ብምቁጽጻር ንኸሉም እሱራት ሓዚሞም ከዱ። ናብቲ ቤት-ማእሰርቲ ምስተመለስኩ ኣብቲ ሃገር'ና ዝበለ ቤት-ምእሰርቲ ኣነ በይነይ ጥራሕ እሱር ተረፍኩ። ሓደ ለይቲ ንበይነይ ተኣሲረ ሓደርኩ።”

“. . . ንጽባሒቱ በይነይ ብምትራፈይ ስለዘደንገጹኩም ብምሕረት ፈቲዮምኒ” በለ እናሰሓቐ።

ድሕሪ ሓደት ሰቕታ፦

“ካብቲ ዝጸሓፍካዮ መጽሓፍቲ ክልተ ኣንቢበየን ኣለኹ።” በለ።

እናዕለልና ከለና ኣመንገዩ፦

“ዝመጽእ ቀዳም ኣብ ገዛይ ቡን ክንሰቲ ኢና። እግረ-መገድኻ ድማ ንዓኻ ዝበደሱ ገሉ-ገለ መጽሓፍቲ ታሪኽን ቅርሰታትን ሰለዘለዉኒ ትርእየም። ኣርት ዴኮ ትፈቲ እንተኾንካ ከኣ ነቲ ብዘመናዊ መልክዕ ዘሐደስኩዎ ባህላዊ ኣደራሸይ ርኢኻ ትሕጎስ።”

ብኣዘራርባኡ እናሰሓቕኩ ንጻውዒት ዕድመኡ ተቐቢልክዎ።

ይቕጽል . . .

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

17 ክፋል

*“ካብ ሰዓት ናብ ሰዓት ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ጥራይ ኢና፣ ምልኣት ህይወትና ከረጋግጽ እንኽእል።”* - **ዊልያም ጄምስ**

*“እን ወትሩ ነቲ ዘይክእሎ ዝበርኹ እየ ዝሰርሕ፣ ምእንቲ ብኸመይ ከም ዝሰርሖ ክፈልጦ።”* - **ፓብሎ ፒካሶ**

ነፍሲ ወከፍ እንወስዶ ስጉምቲ ወይ ነፍሲ ወከፍ ዘጋጥመና ዕድል፡ በቲ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ድሌትና እዩ ቅርጺ ዝሕዝ። ልሙድ ኣካይዳ ካብ ልሙድ ወጽኢት ኣየሕልፈካን እዩ።

ካብ ልሙድ ኣሰራርሓ ንምውጻእ ናይ ብሉጽ ትብዓት ይሓትት። ካብ ልሙድ ኣሰራርሓ ክትወጽእ እንከለኻ ጌጋ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። እዚ ከኣ ከሰንብደና ኣይግባእን። እቲ ምንታይሲ፡ ጌጋ መናብርቲ ኩሉ ደቂ ሰብ ስለ ዝኾነ።

ፍርሒ ካብ ብዙሕ ዕድላት ይሓንቅጸና። ንሓደ ነገር ንኽነስርሕ ምሕር ንጠራጠር ወይ ልዕሊ ንብር ክንሓስበሉ ብዙሕ ግዜ ንወስድ። ከም ሳዕቤኑ፡ በየም መወዳደርትና ተቐዲምና ኣብ ሕማቕ ንወድቕ።

እቲ ናይ ብሉጽ ዕቤት፡ ካብ እዚ ሕጂ ዘለኻዮ ደረጃ ዝሓሸ ንምዃን ንቕድሚት ምስ እትግስግስ እዩ ዝምዘን። ኣብ ሓደ ደረጃ ደሪቕካ ትተርፍ እንተ ኴንካ፡ እቶም ኣብ ደረጃኻ

## ጽፈት ስራሕ



ዝበጹ ጥራይ ዘይኮኑ፡ እቶም ብድሕሬኻ ዝበጹ ከይተረፉ፡ ኣርኪቦም ክሓልፉኻ ይኽእሉ እዮም።

ትብዓት ብዘይ ብኩራት ፍርሒ ወይ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ምውሳድ ጥራይ ኣይኮነን። ትብዓት ክንጽ ምውጋድ ንሓደ ኣጉዳሲ ነገር ዝምጠጥ እዩ። ትብዓት ንሓደ ቀድማዊ ሕጂ ርኢኻዮ ዘይትፈልጥ ነገር ንምብጻሕ፡ ክሳብ ዝከኣለካ ምስኻም እዩ።

ኣእምሮና ዘለዎን ዘየለዎን ምኽንያት እናኣለመ፡ ጉዳእ ርእስና ክንዕቅብ ከም ዘለና እዩ ዘጠንቅቐና። ከም ሳዕቤኑ፡ ካብ እታ ዘለናያ ምቹቕ እንተ ዘይኣልና፡ ዝያዳ ውሕስነት ዘሎማና ጊደርና ንሓስብ። ኣብ እቲ እንፈልጦ ጥራይ ተደሪትና ክንተርፍ እንከለና፡ ደረጃና ዝዓቀቦ ኩይኑ ዝሰምዓና ሰብት እውን ውሑዳት ኣይኮኑንን።

እቲ ሓቀኛ ደረጃና፡ እቲ ትማሊ ዝበርናዮ ኣይኮነን። እቲ ሕጂ ዘለናዮ እውን ኣይኮነን። እቲ ጸባሕ ክንበጽሖ እንሓልሞ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ናብኡ ንምብጻሕ ብዙሕ ሓርገጽገጽ ክጽንሓካ ከም ዝኽእል ኣብ ኣእምሮኻ ቅረጽ። ብኸመይ ክትሰግሮ ከም ዘለካ ድማ ጽፋፍ ውጥን ክህልወካ ይግባእ።

ኣብ መንጎ እቲ ሕጂ ዘለናዮን እቲ ኣብ መጻኢ እንበጽሖን ገለ ምጥርጣር ከም ዝፈጥር ኩላትና ካብ ተመክሮና ተበጊስና ክንትንትኖ ንኽእል ኢና። እዚ ምጥርጣር፡ ጋግ-ትብዓት (courage gap) ክፈጥር ከም ዝኽእል ሊቃውንቲ የዘኻኽሩና። እዚ ትብዓት እዚ እዩ እምበኣር፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ክምላእ ዘለዎ።

ገሌና ንጉዳእ ርእስና ተባዕ ክንኸውን ክንዕብራ እንተ ኾንና ማእሊያ ዘይብሎም ቀድሙ ኩነት ኢና እቶምጥ፡ “ቀደም ቀዳደም ደሊው ክኸውን ኣሎ፡ ዝያዳ ርእሰ ተኣማንነት ክጥሪ ኣሎ፡ ቀደም እዚ ግዜ ክመሓየሽ ኣሎ፡ …” ዝበሉ ቀድሙ ኩነት እናቕረብ ወሓዳት ኣይኮንናን። የግዳስ እቲ ሓቂ፡ ርእሰ ተኣማንነት ብዘተግባር እምበር፡ ቀድሚኡ ኣይኮነን ዝጥረ። ዝያዳ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ክንወስድ እንከለና፡ ዝያዳ ክእለት ከም ዘለና ይስመዓና። ዝተሓላለ ክንጠራጠር እንከለና፡ ዝወሓደ ፍርሒ ይሰመዓና።

ንሓጺር ግዜ ካብ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ እንተ ተቘጢብካ ገለ ውሕስነት ይስመዓካ እዩ። ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ግና ኣብ ሓደ ደረጃ ኣድሪጁ እዩ ንዝኸሳ ጸገም ተኣፊፍቲ ከም እትኸውን ዘቃልዓና።

ብርክት ዝበሉ ስነ ፍልጠታውያን ምርምራት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ንኩንደኹናዊ ስጉምቲ ምንጻግ ንኻቕሎት ኣብ ምጉዳድ ቀሊል ተራ ኣይኮነን ዘለዎ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣእምሮና ንዘይምትእኻት ምስ ዕቤት ዘይኮኑ ምስ ሓደጋ እዩ ዘተኣሳስር።

ኣብ መጽሔት ‘Behavior Therapy and Experimental Psychiatry’ ዝወጸ ሓደ ዓሚቝ መጽናዕቲ፡ “ንኩንደኹናዊ ስጉምቲ ምንጻግ፡ ፍርሒ እዩ ዘዕዕሎ። ኣብ መጻኢ ስጉምቲ ንኸይትወስድ ከኣ ሓሊኹ ይሕዞ።” ብምባል ይትንትን።

ትብዓት ጸቡቕ ባህሪ ጥራይ ኣይኮነን። ክንመሃሮ እንኽእል ክእለት እውን እዩ። ክንምሃሮ እንኽእል እንተ ኴንና፡ ብጋበእ ኢና ክንጥቀመሉ ዘለና። ምኽንያቱ፡ ትብዓት ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ስራሕናን ህይወትናን ንኽነዕውት እምብዛ እዩ ዝሕግዘና።

ትብዓት ረቂቕ ጠባይ ጥራይ ኣይኮነን። ክዕቀኑ ዝኽእሉ ረብሓታት እውን ኣለዉዎ። መጽናዕትታት ከም ዝበልዎ፡ ትብዓት ብቐጥታ ምስ እቶም ዝለዓሉ ደረጃታት ‘ስነ ልቦናዊ ርእሰ ማል’ (psychological capital) ምትእስሳር ኣለዎ። ስነ ልቦናዊ ርእሰ ማል ድምር ናይ ርእሰ ተኣማንነት፡ ትስፉውነት፡ ጽንዓት፡ … እዩ።

እቶም ተባዓት ሰብ ዋኒን ዋላ ስራሖም ዘየርግጸኛነት እንተ ሃለዎ፡ ኣብ ስራሖም ዝዓበየ ዕግበትን ዝተሓተ መጠን ጸቕጥን የንጸባርቑ። ሊቃውንቲ ከም ዝበልዎ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ዘንጸባርቕ ፍልልይ፡ እቲ 25 ሚእታዊት ብስራ ኣብ እቶም ሰራሕተኛታት ዘሎ መጠን ትብዓት እዩ ዘንጸባርቖ።

እቶም ተባዕ ስጉምቲ ዝወስዱ ሰራሕተኛታት፡ ንትካሎም ይኹን ንጉዳእ ርእሶም ማእሊያ ዘይብሎም እወታውያን ለውጥታት የምጽኡ። እቶም ተባዓት ሰራሕተኛታት ኣብ ትካሎም ሓደስቲ ሓሳባት ኣብ ምምንጫው ኣይቕደሙን እዮም። ነቲ ኣብ ስራሕ ዝኸሰት ግርጭት ብኸመይ ክፍታሕ ከም ዝኽእል ብድፍረት ርእይቶኦም ወስ የብሉ። በዚ ከኣ ሃጦም ቀልበምን ኣብ ትካሎም ከም ዝኸውን የረጋግጹ።

ትብዓት ዋላ ንትምህርቲ እዩ ዝጸልእ። ኣብ ልዕሊ 7,600 ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ “ተባዕ ባህሪ ዘለዎም ተማሃሮ፡ ካብ እቶም ካልኦት ተማሃሮ ንላዕሊ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ጽቡቕ ይብሉ። ኣብ እዋን ጸገም ከኣ ልዕሊ ካልኦት ማኪዶም ትምህርቶም ይከታተሉ።” ብምባል ይትንትን።

ክእለት ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ምውሳድ - ኣብ መማሃሪ ክፍሊ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ወይ ኣብ ውልቃዊ ዝምድና ይኹን ኣብ ካልእ መዳይ ዝህልዎ እወታዊ እጃም ብቐሊሉ ዝግለጽ ኣይኮነን።

ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ዘይወስድ ሰብ፡ ነቲ ኣብ መንጎ በሊሕቲ ሰብት ዝወስድዎ ኩንደኹናዊ ስጉምትን ኣይግዳዶም ዝበሉ ዓይነት ሰብት ዝወስድዎ ኩንደኹናዊ ስጉምትን ዘሎ ፍልልይ ብዩቂቕ ክፈልጦ ዕድል ኣይህልዎን እዩ። ምሕር ፈራሕ ሰብ ካብ ብዙሓት ዕድላት እዩ ዝኸስር።

ብርግጽ፡ ነፍሲ ወከፍ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ብሉጽ እዩ ማለት ኣይኮነን። ኣሪስቶትል፡ “ትብዓት ማለት ኣብ መንጎ ፍርሕን ዓሻ ድፍረትን ዝርከብ ወርቃዊ ድንድል እዩ።” ብምባል ይገልጽ። ተባዕ ምዃን ማለት ብዘይ ፍርሒ ምስራሕ ምኻኑ ከስምዕ ኣይግባእን። ተባዕ ምዃን ማለት ንፍርሕኻ ተቖጻጺርካ ብሉጽ ውሳኔ ምውሳድ እዩ።

ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ነዚ፡ “ዝተቐመረ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ” (calculated risk-taking) ብምባል እዮም ዝገልጽዎ። እወ ኣብ እዚ መዳይ፡ ዝተቐመረ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ምውሳድ ማለት፡ ንኽልቲኡ ተኽእሎ - ሽልማትን ዋጋ ፍሽለትን ምምዝጋን እዩ።

ማሕበር ኣመሪካውያን ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ኣብ ዝበጦ መጽናዕቲ፡ “እቶም ኩንደኹናዊ

## ትብዓትን ፍርሕን

ስጉምቲ ዝወስዱ ሰብት ካብ እቶም ካልኦት ሰብት ንላዕሊ፡ ንነዊሕ ግዜ ዓወት የመዝግቡ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዕግበት እውን ይስምዖም።

ምእንቲ እዚ፡ እቲ ሓቀኛ ሕቶ እምበኣር፡ ‘ፈራሕ ድዩ’ ዝብል ዘይኮነ ክኸውን ዘለዎ፡ “እዚ ፍርሐይ ካብ እቲ ናይ ብሉጽ ዘበደሰኒ ነገር ይሓንቅጸኒ ኣሎ ድዩ” ዝብል እዩ ክኸውን ዘለዎ።

ፍርሒ ኣብ መንጎ ክእለትናን ተግባርናን ጋግ ይፈጥር። ብመንጽሩ ትብዓት ነቲ ጋግ ይዓጽዎ።

ትብዓት ልክዕ ከም ጭዋዳ እዩ። እወ ምስ ስራሕ ይድልደል። ንጉዳእ ርእስና ዝያዳ ክንመጥጣ እንተ ኾንና፡ ነቲ ዘይከኣል ዝመስለና ዝያዳ ተማጢጥና ንርከቦ።

ንፈለማ ግዜ ናብ ማእከል ጂምናስቲክ ክትኣቱ እንከለኻ ሰብት ብዝሒኻ እንታይ ኩን ይዛረቡ ይህልዉ ኢልካ ትሽቑረር ትኸውን ኢኻ። ኣብ ማእከል ኣኼባ ርእይቶኻ ወይ ሕቶኻ ምቕራብ ዘፍርሓካ ክኸውን ይኽእል እዩ። የግዳስ እትወስዶ ነፍሲ ወከፍ ተባዕ ስጉምቲ፡ ዝያዳ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ንኽትወስድ ዝድርኸ እዩ። ብመንጽሩ

ፍርሒ ናብ ቀድሚት ንኸይትግስግስ ሓሊኹ ዝሕዝ ምኽንያት እዩ ዝኸውን።

ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ናቱ ደረጃታት ኣለዉዎ። ሰቕ ኢልካ ብልዕሊ ዓቕምኻ ዝኸውን ስራሕ ክትጀምሮ የብልካን። በቲ ክትቆጻጸሮ እትኽእል ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ጀምር፡

- ሓድሽ ኣተሓሕዛ መግቢ ፈትን።
- ነቲ ዘይፈትካ ዝበረ ምብህሃል፡ ባዕልኻ ተበግሶ ውሰደሉ።
- ነቲ ሰቕ ኢልካ እትሓልፎ ዝበርካ ሕጂ ክትዛረበሉ ጀምር።
- ናብ እቲ ኣዚኻ እትምኞ ስራሕ ንኽትቀጸር መመልከቲ ኣእቱ።

ዝያዳ ብትብዓት ብዝሰራሕናዮ መጠን፡ ዝያዳ ኣእምሮና ንብድሆታት ኣብ ክንዲ ከም ስግኣታት ከም ዕድላት ክንዝርእዮም ክንጉብሮ ንኽእል። ሊቃውንቲ ስነ መትኒ ኣብ እዚ መዳይ ዓሞቕቲ መጽናዕትታት ኣካይዶም እዮም። ብመሰረት መጽናዕቶም፡ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ምውሳድ ነቲ ምስ ጸገማት ተዛማዲኑት ዘሎ መትኒ ዝያዳ እዩ



ዘሐይሎ።

ትብዓት ተላባዲ እዩ። ነቲ ዘፍርሓካ ዝያዳ ብዝሰራሕካዮ መጠን፡ ዝያዳ ተባዕ ኢኻ እትኸውን። እዚ እቲ ካልእ ጸቡቕ ነገር ናይ ትብዓት እዩ።

ንጉዳእ ርእስኻ ምስ እቶም ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ንኽትወስድ ዘተባብዑኻ ሰብት ከም እትዓሰል ምግባር፡ እቲ ዝሓየለ መሳለጢ ትብዓት ዝኸብረካ እዩ። ብመንጽሩ ምስ ፈራሓት ሰብት ምዕባል ምሕር ፈራሕ እዩ ዝኸብረካ።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሃርቫርድ ዝተዳለወ መጽናዕቲ፡ “ሓደ ሰብ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ዝወስዱ ሰብት እንተ ደኣ ርእዩ ንሱ እውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስድ ዘሎ ተኽእሎ ምሕር ርሑብ እዩ።” ኣብ ዝብል መደምደምታ እዩ በጺሑ። እዚ ከኣ ‘ተላባዲ ትብዓት’ (courage contagion) ዝብል ስያመ ሂብዎ።

ናይ ትብዓት ዕሉታዊ ማዕከር ምሓዝ እውን ንባህርያት ትብዓት ኣብ ምድራዕ ሓጊዙ መሰረሒ እዩ። ኣብ ዕሉታዊ ህይወትካ ትንኣስ ትዕበ ብዘየገድስ ብትብዓት ንዘፈጸምካዮ ስራሕ ኣብ ደብተርካ ናይ ምስፋር ልምዲ እንተ ኣጥሪኻ፡ ነቲ ተባዕ መንነትካ ዝያዳ እዩ ዘራዕብሮን ዘኹልዖን። ንጉዳእ ርእስኻ ዝያዳ ከም ተባዕ ብዝረኣኻዮ መጠን ዝያዳ ብኸምኡ ትሰርሕ።

በቲ ዝወሰድናዮ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ዘይኮንና ክንጠዓስ ዝግበኣና፡ በቲ ሰኣን ውሳኔ ምውሳድና ዝሰሰርናዮ ኢና ክንጠዓስ ዝግበኣና። ተመራመርቲ ከም ዝበልዎ እውን፡ “ካብ እቲ ብሰሪ ብኩንደኹናዊ ስጉምቲ ዘወሰድናዮ እንጠዓሶ ንላዕሊ፡ በቲ ብሰሪ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ብዘይምውሳድና ብስለስተ ዕጽፊ ኢና እንጠዓሶ። እቲ ምንታይሲ፡ ዋላ ዝወሰድናዮ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ ፍጹም ዝኸውን ወጽኢት ኣየምጽኣልና፡ ካብኡ ገለ ትምህርቲ ንቐስም ኢና። ገለ ዕቤት እውን ነርኢ ኢና። ከም ወጽኢቱ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክሕኩረና ዝኽእል ኣእምሮኣውን ስምዒታውን ዓቕሚ ነማዕብል።”

በዚ እዩ እምበኣር፡ ትብዓት ንባዕሉ ትብዓት ይወልድ ዝበሃል። እቲ ፈተና ዝጸነዖ ተማሃራይ፡ እቲ ሓድሽ ትካል ክኸፍት ዝደሊ ብዓል ዋኒን፡ እቲ ንፈለማ ግዜ መደረ ከስምዕ እተመደበ፡ እቲ ኣብ ጂምናስቲክ ክውሳወስ ንፈለማ ግዜ ተበጊሱ ዝወሰደ፡ … ኩላቶም እዚኣቶም ነቲ ኣብ መንጎ ክውዕንትን ባህግን ዘሎ ጋግ ንምምላእ ተባዕ ስጉምቲ ክወስዱ ትጸበት ይግበረሎም።

እቲ ክውንነት እምበኣር፡ ህይወትካ ብመጠን እቲ ንኻኻ እትወስዶ ኩንደኹናዊ ስጉምቲ እዩ ዝምጠጥን ዝጸብብን። ክንዲ ዝኸኣ ንፍርሕኻ ውሕጦ ኣብልካ፡ ተባዕ ስጉምቲ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።

ምእንቲ’ዚ፡ ክሳብ እትዓሎ ኣይትጸበ፡ ፍርሕኻ ክሳብ ዝጠፍኣልካ ኣይትጸበ፡ ሕጂ ጀምር፡ ሃየ ንቕድሚት መርሽ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ እትወስዶ ስጉምቲ ትብዕትኻ ከም ዝዓቢ ምስትውዓል ኣገዳሲ እዩ።

*“ብዘይ እትወስዶ ስጉምቲ ኣይትርዓድ። ኩሉ ህይወት ፈተነ እዩ። ዝያዳ ፈተነ ብዝገበርካዮ መጠን ዝያዳ ትማሃር።”* - **ራልፍ ዋልዶ ኤመርሰን**

*“ኣብ ወደብ እትርከብ መርከብ ውሕስቲ ኣላ። የግዳስ መርከብ ንኽትዕሉ ኢላ ኣይኮነትን ተሰሪሓ።”* - **ጆን ሼድ**

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

ግንቦት **2009**
**- 2 : 44** ድ.ቐ. -

## ንራኽብ ዶ ንኸውን፧



ንደቀይ ዝኸውን መዘከር ክጽሕፍ ምስ ሓሰብኩ'የ ዳየሪ ምጽሓፍ ጀሚረ። እቲ ዝሓለፈ ህይወተይ ዘይጽሓፍኩዎ ሕጂ እንታይ ኢለ ክጽሕፍ ኢለ እሓስብ ነይረ። ንደቀይ ኢለ ዝሓዝኩዎ መዝገብ መዘገበይ ኰይና። ኣጋጣሚታት ባዕሉ ንድሕሪት ተመሊሰ ክጽሕፍ ይድርኸኒ ኣሎ። ሕጂ ቲቪ እናርኣኹ ተጋደልቲ ገዛኦም ዝኣተውሉ ኣጋጣሚ ክርእ ጸኒሐ። ኣነ ከኣ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝምለሰላ ዝነበርኩ መዓልቲ እዝክራ ኣለኹ።

***

**ሓንቲ መዓልቲ** 1997

ገዛና እምለስ ኣለኹ። ልዕሊ 18 ኣዋርሕ ተፈልየ ጸኒሐ። እቲ ተወሊደ ዝዓበኹሉ ገዛውቲ ከይጠፍኣኒ እፈርሕ ኣለኹ። ከምዛ ቅድር ኢሉ ዝጸንሓኒ ይመስለኒ ኣሎ። ኣቦይን ኣደይን ኣሪጎም፣ ቈልዑ ገዛውትና ጕቢዞም፣ ተኺለያ ዝኸድኩ ተኽሊ ወይኒ ፈርያ፣ ኣወልኬር ካብቲ ዓዲ ጠፊኡ ዘጸንሓኒ ይመስለኒ ኣሎ።

ኣወልኬር! ኣወልኬር! ኣወልኬር! ከምኡ ሕሱም ወዲ ርእየ ኣይፈልጥን። ዘየቀራርበና ዓበይቲ ምኽንያታት እናሃለው፡ ብሕቶ ፍቕሪ ረብሪበ'የ። ዘፍቀረ ዕውር'ዩ እንተ በሉ ንኣወልኬር ርኢኻ፡ ከይፈተኻ 'ዕውር ጥራይ ዘይኮነ ጸማም'ውን'ዩ፡' ኢልካ ትኣምን። ኣነ ክፈቱን ክጸልእን ኣይክእልን'ንድየ ጓለይ። ምኽን ከምኡ ኢሉ ዝሓስብ ወዲ የለን። ኵሎም ጥራይ ይፍተዉዋ'ምበር፡ ናታ ምርጫ ኣይንታዮምን'ዩ። ኣወልኬር በቲ መማህርተይ፡ በቲ ከኣ ዓርኪ ጕሮቤተይ ስለ ዝነበረ፡ ብዙሕ እዋን ክንራኸብ ናይ ግድን'ዩ። ክኣቱን ክወጽእን ደው ኩብለኒ ኣሎዎ። ኣነ ከኣ ካብ መሓዙትካ ተፈሊኻ ደው ምባል ኣዝያ ተጽልኣኒ ነገር'ያ። እቲ ስድራ ትርሓስ ኣብ ገዛ ዝቋየቑዎ ኣብ ገዛና ክሰምያ ድልየት ኣይነበረንን። ሕጂ ክትሓስቦ፡ ኣቦይ ብመዓር ዘረባ ገይሩ ሓጹር ገይሩለይ እዩ። እንዳ ትርሓስ ክቋየቑ እንክለዉ፡ "ትዕግስቲ ጓለይ፡ ኣነን ስኽን ከምዚ ዓይነት ቈይቍ ኣይንገብርን ኢና፡" ይብለኒ ነይሩ። ተገምጢሉ በዚ ኣርእስቲ ስለ ዘየዛረብኩዎ የድንቐኒ ነይሩ። ነዛ ኣድናቖት ከፍርሳ ኣይድልን'የ ዝነበርኩ። ኣብ ገዛውትና ምስ ኣወልኬር ደው ኢለ ክርአ፡ ኣይተዋሕጠለይን። ብፍላይ ተደጋጋሚ ክረኽበኒ ምስ ጀመረ እንታይ ከም ዝገብር ጨኒቐኒ። ካብ መገሻኡ መጺኡ ከም ዘሎ እንተ ፈሊጠ ካብ ገዛ ኣይወጽእን ነርኩ። …

***

*"… ኣውቶቡስ ዓይኒ ቅርሺ*

*ሓዲግክኒ ኣይትግሺ …"* ወዲ ከረን ደርፌ ጀሚሩ። ከረን ሓሊፍናያ ኢና። ወዲ ከረን ምዉራድ ኣብዩና። ምሳና ኣስመራ በጺሑ ክምለስ'ዩ። ዝወርድ መሲሉና ንብዓት ቍጽርጽር ኣቢልና። ኣብ ገዛ ዝናፍቖምን ዝናፍቑዎን ስድራኡን ፈተውቱን ኣለዉ። ፍቕሪ ብጻይ ግን ቀሊል ኣይኮነን። ኣብዛ ዓመት ዘይትመልእ ግዜ ፍሉያት ኣሕዋት ኢና ኴንና። ናይ ኣወልኬር ክቕጽለልኪ።

***

ኣወልኬር ጨካን'ዩ። ካብኡ ዝገደደት እታ ዘይትስበር በትሪ ኣባሓጎኡ፣ ኣባሓጎኡ ብዘይካ እታ ኣብ ሓዊ ተጸልያ ከውሒ ዝኾነት፡ ጸለሎ ዝሓለፋ ቀጣን በትሪ ዝገደፍሉ የብሎምን። ልቦናኦም፡ ትዕግስቶም ፍቕሮም ምስኦም ሒዘሞ ከይዶም፣ ንእኡ ንሳ ኣውሪሶሞ። "እዚኣ ናይ ኣባሓጎይ እያ። ትርኢያዶ ኣለኺ፧" ይብለኒ። ኣነ ከኣ ገጸይ መስኪንኪን የብላ፣ ካልእ ኣማራጺ የብለይን። ኣወልኬር ከም ዝፈትወኒ ኵሉ ሰብ ከም ዝፈለጠ ኣልማዝ መሓዛይ ነጊራትኒ። ኣወልኬር፡ ኖን ንኣዋልድ ንኣወዳት'ውን ሰይጣኖም ስለ ዝነበረ፡ ሓደ ጽቡቕ ነገር'ዩ ኢለ ኣሚነ። ነዚ ነገር ፈሊጡ ዝቐርበኒ ወዲ የለን፣ እንተ ዘየሎ ምስ ኣወልኬር ነገር ምዕዳም'ዩ። ንኣይ ከኣ እቲ ግጥም ውሒድለይ። ሓንትን መረርን ግጥም ምስ ኣወልኬር ጥራይ። ካብ ቤት ትምህርትና ወጺእካ ነዊሕ ጽምዋ ዘሎዎ መገዲ'ሎ። ክንደይ ግዜ ድሕሪ ተመሃሮ ተሪፈ ብ'በትሪ ኣባሓጎይ' ተመሸሊጠ'የ። ኣብ ገዛውትና ከምዛ ሰላም ዝብለኒ ኢዱ ሰዲዱ፡ ንብዓት ክሳብ ዝቛጽር ይቕርቅረኒ። ኣነ ቍሒመያ እኸይድ ነይረ። ሰላም ከይገበርና ከኣ ኣገልግሎት ወሪዱ። ኣነ'ውን ኣብ ዝቐጸለት ዙር ደድሕሪኡ ሰዒበ። ንሱ ኣቐዲሙ ኣገልግሎቱ ወዲኡ'ዩ። ተስፋ እገብር ሓደኡ ኰይኑ ክኸውን! ኣብ ዓዲ ክጸንሓንን ክርእዮን ኣይደልይን'የ። ሕጂ ከምቲ ቀደም ከይክጥቅጠኒ ኣይፈርህን። ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥረኒ የብለይን። ብቐደሙስ ማዕረ ክንድኡ ዘፍርህ ኣይነበረንን። ሕጂስ ንሱ'ውን ለቢሙ ይኸውን። ኣብቲ ኣሃዱኡ ከማይ ብጾት ረኺቡ ይኸውን። እቲ ሕውነታዊ ፍቕሪ፡ ምትሕልላይ፡ ምክብባር፡ ኣክንዲ ብጻይካ ምሕላፍ ምሂረናለይ ክኾና ተስፋ እገብር ኣለኹ። እንተ ዘይኮነ ለቢሙ ይኸውን። ኣነ ተቐይረ ከም ዝምለስ'ውን ፈሊጡ ኣሎ። መጀመርታ ምስ ካሕሳይ በርሀ "….ሰገን ክኽተለኪ …. ሰገን እግሪ እግሪኺ…" እናበለ እግሪ እግረይ ከይመጽእ ሳሕቲ የፍርሓኒ ነይሩ። ሳዋ ምስ ኣተና ኵሉ ነገር ኣብ ወርሒ ዘይመልእ ግዜ ተቐይሩ። ኣወልኬር ካብ ኣእምሮይ ጠቒሊሉ ጠፊኡ። ሕጂ ምምላስ ምስ ኰነ ናይ ገዛ ኵሉ ስለ ትዝክር፡ ኣወልኬር ተዘኪሩ። 'በትሪ ኣባሓጎይ' ኣብ ዝባነይ ዘይድምሰስ በሰላ ኣሎዋ። ከይተፈለጠኒ ካብ ኣወልኬር ዝተማሃርኩዎ ብዙሕ ጭካነ ኣሎ። ቍሩብ እንተ ዝጸንሕ ዘደንግጸኒ ወዲ ኣይምረኸብኩን መሰለኒ።

ካብ መስርዐይ ዝነኣስኩ ኣነ'የ። ዳርጋ ኣብ ሓይልና'ውን። መጀመርታ መዓልቲ ክንትኵስ ምስ ከድና፡ ኣንፈጥፌጠ ብረት ምሓዝ ኣብየ። ቅድመይ ኣብ ሕቑኣን ኮፍ ኢሎም ከተኵሱወን ስለ ዝርኣኹ፡ ነብሰይ ክሕግዛ ደልየ ኣብዩኒ። "እሞ ጸላኢ እንተ መጺኡክን ደኣ እንታይ ክትገብራ ኢኺን፧" ዝብል ዘረባ ምስ ሰማዕኩ ኣብቲ ታርጌት ምስሊ ኣምሓሩ ዘይኰነ፡ ምስሊ ኣወልኬር'የ ኣቐሚጠ። ከምታ ዝሳቐየኒ ከዘራርጦ ተራእዩኒ። ሓንቲ ክሳብ ዝትኵስ ወላእላእ ኢለ። ደሓር ግን ጥይት ዘይወሰኹኒ ኣማሪረ።

***

*"…. ማ'ዛይ ማ'ዛይ…..*

*ማይደ ክማላኣልኪ በታ ኣጕዛይ…."*

ደርፌ ቀይሩ ወዲ ከረን፣ ኣስመራ ክንኣቱ 20 ኪሎ ሜተር ተሪፉ ኣላ።

***

**ድሕሪ ሰሙን**

ኣልማዝ መሓዛይ ካብ መገሻ ሎሚ ኣትያ። ገዛ እትው ክትብል ከም ዝተመለስኩ ሰሚዓ ሻቡ መጺኣ። ተሓቛቝፍና ነቢዕና። ምስ መሓዛይ ንእሽቶ ነገር ንሓደና እንተ ኣጋጢማ ብሓንሳእ ኢና እንነብዕ። ሓንሳእሲ ተኾራሪና እንተ ቀኒና፡ ክንራኸብ እንክለና ብንብዓት ኢና እንዕረቕ። ናፊቖያ'የ። ብዓቢኡ ብድሕረይ ዝኾነ ዘበለ ዕላል ካብ ኣልሙዛ'የ ክጽበ ጸኒሐ። 'ስቴሽንና' በይና ስለ ዝኾነት። ንኽንደይ ደቒቕ ተሓቛቝፍና ጸኒሕና ኣይተረድኣንን። ገዛና ባዕሎም ፈልዮሙና። ዋላ ኮፍ ምስ በልና ጸጺሕና ትሕቝቕፍ ንብል። መጀመርታ ዕላል ኣብዩና። ደሓር ድሕረይ ዝተፈጸመ ዘገድስኒ ዝበለቶ ዜና ኣዕሊላትኒ። ኵሉ ተራ ዕላል (ንእሽተይ ከኣ ሕሜታ) እዩ ነይሩ። ሓንቲ ተገድስኒ ዝነበረት ዕላል ኣወልኬር'ያ።

"ኣንቲ ናይቲ ኣወልኬር ከኣ'ባ ከዕልለኪ፡" ምስ በለትኒ ብስንባደን ህንጡይነትን እንታይ ዓይነት ምንቅስቓስ ገይረ ኣይተረድኣንን። ንመሓዛይ ግን ኣገሪሙዋን ኣስሒቑዋን። "ኣወልኬር እቲ ዋዒኡ ከምኣ ኢሉ'ሎ። ግና ወርዝዩ። ጸርፊ ተሪፉ፡ ምዉቕ ሰላምታ ዘጽግበካ ኰይኑ። ኣእዳዉ ንማህረምቲ ጥራይ ወስ ዝብላ ዝነበራ ንሰላምታ ኰይነን። እተን ጸለለ ዝብላኦ ግን ኵለን ኣየወጽኣሉን ኣለዋ፡" ኢላ ኣዕሊላትኒ። ምሳይ ክራኸብ እንክሎኸ ከመይ ክኸውን'ዩ ክሕስበኒ ጀሚሩ። ዋላ ተሓቢአ ክርእዮ ደልየ፣ ካብ ኣራግጻኡ እንታይ ክገብር ምኻኑ ጽቡቕ ገይረ እፈልጦ'የ ዝነበርኩ። ዓርኪ ኣወልኬር ዝኾነ ጕረቤትና፡ መጺኡ የዕልለኒ እዩ። ብዛዕባ ኣወልኬር ኣየዕልለንን እዩ። ኣነ'ውን ምሕታቱ ኣጽሊኡኒ።

***

ክሳዕ ሎሚ ኣይተራኸብናን። ሓደ መዓልቲ ክንራኸብ እደሊ ኣለኹ። እዘን ደቀይ ምስ ጕበዛ ከንብብኦ እየን። ምእማኑ ከጸግመን ምኻኑ ፍሉጥ'ዩ። ጕራዙ ሎሚን ንሕና ዝነበርናሉን ድሮ ዓቢ ለውጢ ገይሩ'ሎ። ኣወልኬር ግን ድሓን! ሓደ መዓልቲ ክረኽቦ'የ። እንታይ ምበለ ይኸውን? "ኣይዘከርኩኽን፡" እንተ በለኒኸ? ኣይረደ! ንበሰላይ ብሓዊ ምትኳስ'ዩ፣ ዝገደደ ቃንዛ።

**ትዕግስቲ በረኸትኣብ**

## ንገረኒ

**06** መጋቢት **2011**

ብፍቕሪ ነዲድና ኴንና ኢና ሓደ
ኣይትሕባኣለይ፡
ኣብ ልብኻ ዝተቐብረ
ኣሚነይ ቋሕታ ፈለማይ፡
ናይ ልበይ ጥላለት
ኣብ ኢደይ እህሉ መፍትሕ
መን ይፍፈልጥ

ንገረኒ…ንጽሮ ብሓደ
ንገረኒ…ንግጠሞ ብሓደ
ንገረኒ… ዝቐልወካ ዘሎ
ንገረኒ… ብእዋኑ እንክሎ።

**ሜሪ ማና** - /2011/


## ኣፃትውጽኪ በጃኺ

ለካቲት **2019**

ካብ ፈጣሪ ብመገዲ ወለደይ ዝረኸብኩኺ ሓብተይ ክትርድእለይ ዝደልዮ ነገር ኣሎኒ፣ ንኣይ ኣገዳሲት ብምኻንኪ። ካብ ህጻንነት ኣትሒዝና ዘሃነጽናዮ ፍቕሪ ሃደሽደሽ ከይብል የፍራሓኒ ኣሎ። እቲ ልዕሊ ኵሉ ዝምስጠኒ ግርህናኺ ክፍኣት ከይምሃር፡ ንጽህናኺ ርስሓት ከይለግቦ፡ ውሽጣዊ ሓይልኺ ከይጕድም፡ ደኒንኪ ነባዒት ከይትኾኒ እሰግእ።

ሰብ ንሰብ ክሕሉዎ ኣዝዩ ከቢድ ከም ዝኾነ ኣባኺ ፈሊጠዮ። ደድሕሬኺ ከይከይድ በይንኺ ክትስጕሚ እደልየኪ። ኣሚነ ከይገድፈኪ፡ ሓላው ዘይብላ ጽብቕቲ ዕምበባ ከይትኾንኒ። ብናትኪ ርእሲ ክትጓዓዚ ስቕ ኢለ ከይርእየኪ፡ ገና ንጕዕዞ ዓለም 'ሕጂ' ትፍልሚ ኢኺ ዘለኺ።

ሓብተይ; ብርግጽ ናይ ገዛና ክብረት ኢኺ። ኣነ ዝሕበን'ውን ንስኺ ምስ ትኸብሪ'ዩ። ኣበሃህላይ ኣይጠፍኣክን'ዩ፣ ዓሰርተ ሳዕ በዞም ሓደስቲ ጠባያት ምሳኺ ክታረኽ ኣይደልን'የ። ግን ከኣ ጽባሕ ክትከስኒ'ውን ኣይደልን። ውሽጥኺ ዝብለኪ ከምቲ ኵሉ ዝብለኪ ኣይኮነን፣ ውሽጢኽስ ቅኑዕ'ዩ። በዚ ዘንጸባርቕ ስርሓት'ዛ ዓለም ውኖኺ ከይስለብ። መቸም'ኳ ብኣኺ ተስፋ ኣይቈርጽን።



ኣንቲ ንእሽቶ ሓብተይ፡ ክሳዕ ሕልምታትኪ ተተግብሪ፡ ካብ ውሽጥኺ ኣይትውጽኢ ሓደራ።

**ብሌን ግርማይ**

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ምስ ፓኪስታን ዝርርብ ተካይዱ

ፕረዚደንት ኢራን ማስዑድ ፔዘሽኪያን፡ ምስ ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ፓኪስታን ሞህሲን ናቕቪ ኣብ ጣህራን ተራኺቦም ዝርርብ ከም ዘካየዱ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተኻየደ፡ ፓኪስታንን ቀጠርን ዞባዊ ወጥሪ ክሕይል ይኽእል'ዩ ዝበልዎ ስጉኣት ተፈጢሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ምስ ኢራን ዘለወን ዲፕሎማሲ ዳግማይ ንምብርባር ኣብ ዝጽዕራሉ ዘለዋ እዋን እዩ።

ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ዝሓለፈ ሰኑ ኣንጻር ኢራን ኩናት ካብ ዝጀምራ ንደሓር፡ ናቕቪ ትማሊ ሰኑይ ንመበል ሻድሻይ ግዜኡ'ዩ ናብ ኢራን ዝበጽሐ ዘሎ።

ፕረዚደንት ፔዘሽኪያን ንናቕቪ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ መንጎ ጣህራንን ኢስላማባድን ዝያዳ ዝደልደለ ርክብ ክህሉ ተስፋ ከም ዘለዎ ኣብሪሁ።

"ተግባራትን ጸቕጥታትን ኣመሪካ፡ ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሃገራት ዝያዳ ምቅርራብን ቀጻሊ ምትእስሳርን ንኸፍጥር ኣበርክቶ ከም ዝገበረ ንኣምን፡ ኣብ መንጎ ልኡኻት ኢራንን ፓኪስታንን ዝካየድ ዘሎ ብዙሕ ኣኼባታትን ምምኽኻርን ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘረጋግጽ ንጹር ኣብነት'ዩ" ክብል ከኣ እቲ ፕረዚደንት ኣረዲኡ።

ናቕቪ ብወገኑ፡ ንርክብ ኢራንን ፓኪስታንን ድሕሪ ምንኣድ፡ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ትማሊ ሰኑይ ኣብ መበል 81 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ንምስታፍ ናብ ኒዮርክ ኣትዩ።

ኣራግቺ፡ ቅድሚ ኒዮርክ ምእታዉ ንእግረ መንገዱ ናብ ዶሓ - ርእሰ ከተማ ቀጠር ብምልጋስ፡ ምስ ሰበ ስልጣን ቀጠር ተራኺቡ ብዛዕባ ዞባዊ ምዕባለታት ከም ዝዘተየ'ውን ተሓቢሩ።





## ሩስያ፡ ኣብ ሓያሎ ዞባታት ዩክሬን መጥቃዕቲ ፈጺማ

ሓይልታት ሩስያ፡ ኣብ ሓያሎ ዞባታት ዩክሬን ንዝርከቡ ኢንዱስትርያዊ ቦታታትን ካልኦት ኣገደስቲ ትሕተ ቅርጽታት ጸዓትን ዒላማ ዝገበረ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸሙ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ብውሕዱ ሰለስተ ሰባት ከም ዝሞቱን ካልኦት ኣስታት 100 ሽሕ ነበርቲ ድማ ብዘይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ከም ዝተረፉን ሰበ ስልጣን ዩክሬን ገሊጾም።

ብመሰረት ሓበሬታ ሓይሊ ኣየር ዩክሬን፡ ሩስያ 212 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ኣርባዕተ ክሩዝ ሚሳይላትን ቁጽሮም ዘይተነጸረ ጸረ መራኽብን ባለስቲካዊ ሚሳይላትን ብምጥቃም እያ ነቲ መጥቃዕቲ ፈጺማቶ።




ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ ሓይልታቱ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ሰፊሕ መጥቃዕትታት ከም ዘካየዱ ብምርግጋጽ፡ ንሓይልታት ዩክሬን ደገፍ ዝህባ ኢንዱስትርያውን ወተሃደራውን ትካላት፡ ጸላት ኑዳድን ጸዓትን፡ ከምኡ ድማ ትሕተ ቅርጺ ወደባት ከም ዝተሃርመ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን እውን ኣብ ወሰን ሩባ ቮልጋ ንዝርከብ ዞባ ሳማራ ናይ ሩስያ ዒላማ መጥቃዕቲ ብምግባረን፡ ሓደ ሰብ ከም ዝሞተን ኣርባዕተ ካልኦት ድማ ከም ዝቖሰሉን ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ብወገኑ፡ ኣሃዱታት ምክልኻል ኣየር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ሩስያ ክድኑብድባ ንዝተላእካ 297 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ወቒዖም ከም ዘርዓኑወን ሓቢሩ።

## ብሪጣንያ፡ ንስዑዲ ወተሃደራዊ ሓገዝ ትቕርበላ

ብሪጣንያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ብዕጡቓት ጉጅለ ሑቲ ንዝተፈጸመ መጥቃዕትታት ምላሽ ንምሃብ፡ ዝተወሰነ ወተሃደራዊ ሓገዝ ንስዑዲ ዓረብ ክትህብ ምዃና፡ ቢቢሲ ትማሊ ሰኑይ ሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ቢቢሲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኣንዲ በርንሃም፡ ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ንምስታፍ ናብ ኒውዮርክ ኣብ ዘምርሓሉ ዝነበረ እዋን ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ስዑዲ ዓረብ ወተሃደራዊ ደገፍ ንኽወሃባ ዘቕረበቶ ሕቶ ቅቡል ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ወተሃደራዊ ደገፍ ኣብ ዘቕጽሉ መዓልታት ክለኣኽ ክጅምር፡ ንወተሃደራውያን ነፈርቲ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ሰማይ ነዳዲ ኣብ ምምላእ እትሕግዝ 'ሮያል ኣየር ፎርስ ቮያጀር' ዝተባህለት ኣሩራት ዘጠቓልል ክኸውንን ትጽቢት ይግበር።

ሰበ ስልጣን ብሪጣንያ፡ እቲ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ንሓያሎ ሰሙናት ክጸንሕ ከም ዝኽእል ገሊጾም ኣለው።

ዓባይ ብሪጣንያን ስዑዲ ዓረብን ንዘአርተታት ዓመታት ዝኣክል ናይ ቀረባ ወተሃደራዊ መሻርኽቲ ኮይነን ይቕጽላ ከም ዘለዋ ዝንገረለን ኮይኑ፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ እውን ለንደን ካብ መጥቃዕቲ ሚሳይላት ኢራን ንምክልኻል ዝሕግዝ መካኣኺሊ ኣየር ናብ ሪያድ ኣዋፊራ ምንባራ ይሕበር።



## ሰብ ሰርሖ ብልሒ ቊጽጽር ክግበረሉ ጻውዒት ቀሪቡ

ሕብረት ኤውሮጳን ካልኦት 20 ሃገራትን፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ (artificial intelligence) ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ደቂ ሰብ ንክኸውን ኣህጉራዊ ምትሕብባር ክግበር ጻውዒት ከም ዘቕረባ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ደረጃታት ዘቐምጥን ዘተግብርን ዓለማዊ ተቘጻጻሪ ኣካል ክቐውም፡ እተን ሃገራት ኣተሓሳሲበን ኣለዋ።

እተን ጀርመን፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ካናዳ፡ ኣውስትራልያ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ሲንጋፖርን ዝርከባአን ሃገራት ነዚ ሓባራዊ ጻውዒት'ዚ ዘቕረባ፡ መራሕቲ ዓለም ኣብ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ቅልጡፍ ምዕባለታትን ስግኣታትን ሰብ ሰርሖ ብልሒ ክዝትዩ ምዃኖም ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።

እቲ ብቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ፊንላንድ ዝተዘርገሐ ሓባራዊ መግለጺ፡ መንግስታትን ኢንዱስትሪታትን፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ምስ ኣህጉራዊ ሕጊ ተሰማሚዑ ክምዕበል፡ ኣብ ትሕቲ ሰባዊ ክትትልን ቁጽጽርን ንኽጸንሕ ድማ ብቐልጡፍ ስጉምትታት ክወስዱ ይጽውዑ።

ይኹን'ምበር፡ ሓያላን ሃገራት ዓለምና ዝኾና ኣመሪካን ቻይናን ነቲ ንኽጸድቕ ክፉት ኮይኑ ዘሎ ሓባራዊ መግለጺ ክሳብ ኣይተጸንበራኦን ዘለዋ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግን ኣብ ውሽጢ ዓመት ኣብ ዘይመልእ እዋን ንሳልሳይ ግዜ ፊት ንፊት ተራኺቦም ዋዕላ ንምኻያድ፡ ዝመጽእ ሓሙስ ኣብ ዋሺንግቶን ኣብ ዝራኸቡሉ እዋን ብዛዕባ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ክዘራረቡ ትጽቢት ይግበር።




## የመን - ቁጽሪ ህጹጽ ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት ይውስኽ

ኣብ የመን፡ ብሰንኪ ኣብ መንጎ ዕጡቓት ጉጅለ ሑቲን ሓይልታት መንግስቲ ናይ'ታ ሃገርን ተኸሲቱ ዘሎ ግጭት ዝተመዛበሉ ኣሽሓት ስድራ ቤታት፡ ህጹጽ ደገፍ መግብን መጽለልን የድልዮም ከም ዘሎ፡ ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት ሃገራት (ኦቻ) ሓቢሩ።

እቲ ቤት ጽሕፈት ኣብ ሓበሬታኡ፡ እቲ ግጭት እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ብኡ መጠን ድማ ሰብኣዊ ሓገዝ ሕቡራት ሃገራት ዘድልዮም የመናውያን ቁጽሮም ይውስኽ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ምስ መሻርኽቱ ብምውህሃድ ንተመዛበልቲ ስድራ ቤታት ዘድልዮም ደገፍ ከም ዘቕርብ ዝገለጸ እቲ ቤት ጽሕፈት፡ ቀጻሊ ሕጽረት ምወላን ናይ ተበጻሕነት ጸገማትን ዘጠቓልሉ ሓያለ ብድሆታት ግን የጋጥምዎ ከም ዘለዉ ኣረዲኡ።

ብመሰረት ጸብጻብ ኦቻ፡ ካብ ዝሓለፈ 1 ነሓሰ ክሳብ ሕጂ ኣብ መላእ የመን 21 ሽሕ ስድራ ቤታት ተመዛቢሎም ኣለዉ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 23/9/2026 | ጎደና ማ.ት.ኣ-176 ቁ.25 ቱባቢ. ሲነማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services